# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.57 | ረቡዕ 6 ሕዳር 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ምርጫ ኣመሪካ - ዘይርሳዕ ዝተባህለሉ ምትህልላኽ




ገጽ 4
"ኣብ ብሄረ ዓፋር፡ ባህልን ወግዕን ዳጉ ካብቲ ተዓቂቡ ዘሎ ክብርታት እዩ"



ገጽ 5
ነጥበ መቐይሮ



ገጽ 6
ብሓንቲ እምኒ ክልተ ዑፍ



ገጽ 11
ደቀምሓረ፡ ቅድድም ብሽክለታ ፈሊሙ




## ሚ/መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ንኣባላቱ ስልጠና ወዲቡ




ሰኣሊ. ሮቤል መረስዕ

ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ኣብ ዞባታት ንዘለዉ 18 ኣባላት ጨንፈር መሬት፡ ኣብ ስርሖም ዝሕግዞም ናይ 10 መዓልታት ስልጠና ወዲቡ።

እቲ ብወሻጣዊ ዓቕሚ ክፍሊ. መሬት ዝተኻየደ ስልጠና፡ ኣብ ኣዋጅ መሬት ቁጽሪ 58/1994ን ኣጉዳሲት መሰል ተጠቃምነት ሕርሻ፡ ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 31/1997፡ ንኣተሓሕዛ ኣስራርሓ ጉዳያትን ምድራት ስፍሓት ዝምራሕ መሬትን ዝምልከት መምርሒታት፣ ኣጠቓቕማ መሬትን ንዕኡ ዘሰነዩ ስእላዊ ሓበሬታታትን፡ ኣተዓቓቕባ ኩሉ ዓይነት ሰነዳትን ከምኡውን ስለ ምስ ጂኦግራፊያዊ ስርዓተ ሓበሬታ ዘጠቓልለ ምንባሩ፡ ግዚያዊ ሓላፊ ክፍሊ. መሬት ኣቶ ጼጋይ ተኣምራት ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ስልጠና፡ ዝተሓልፈ ተመክሮ ብውድዓውነት ብምምዝጋብ፡ ኣብ ዘለው ኣዋጃትን መምርሒታትን ዝተሰረተ፡ ኣብ መላእ ሃገር ሓደ ኣገባብ ንምኽታል ክሕግዝ ምኳኑ፡ ጨናፍር ዞባታት ተራእዩን ተገምጊሙን። ብዘይካዚ፡ መሬት ኣብ ዝተኣትወሉ መብጽዓ ክውዕልን ምብርኻን መሬት ከውገድን፡ ዝለዓለ ቁጠባውን ማሕበራውን ወጽኢት ንምርካብ ደማ ጥቡቕ ምክትታል ክግበር ከምዝግባእ ተዘክሩ።

ሰልጠንቲ ብግደኦም፡ ረኺቦሞ ዘለዉ ስልጠና፡ ኣብ ማሰርሕ ምሕደራ መሬትን ኣገባብ ኣጠቓቕማኡን ክፈድዎ ኣብ ዝጸንሑ ዕምምት ኣገዳሲ. ከምዝኾነ ገሊጾም።

ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሰልጠንቲ ብዘቕሰምዎ ትምህርቲ፡ ኣብ ጉዳይ ምሕደራ መሬት ኣብ ሕግን መምርሒታትን ዝተመርኮሰ ውሕሉል ኣገባብ ክኽተሉ ተላቢዩ።

## ማይ-ምነ - ስንኩላንን ኣለይቲ ዘኽታማትን ብጥሪት ተጣዩሶም

ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ማይምነ፡ ን10 ስድራቤታት ስንኩላንን ኣለይቲ ዘኽታማትን፡ ንፍሲ-ወከፈን ብዋጋ 10 ሽሕ ናቕፋ ጥሪት ኣጣዩሰ።

ተጣዩስቲ ብመንገዲ ምምሕዳራት ከባቢ. ተጸኒዖን ዝቐረባ ምኳነን ዝሓበረ ሓላፊ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ የውሃንስ ኣብርሃ፡ እተን ስድራቤታት ኩነታት ናብራአን ኣብ ግምት ብምእታው ብዝመረጽአን ዓይነት ጥሪት ከምእተጣየሳ ኣብሪሁ።

ዕላማ ናይ'ቲ መደብ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ጸገማት ዘለዎም ዜጋታት ካብ ተጸባይነት ተላቒቖም ኣፍረይቲ ዝኾኑሉ ዕድላት ንምፍጣር ከምዝኾነ ጠቒሱ፡ ድማ፡ ተጣየስቲ ስድራ ቤታት ንዝተገበረለን ደገፍ ተጠቒመን ናብራአን ንምምሕያሽ ክጽዕራ ተላብዩ።

እተን ስድራቤታት ብወገነን ዝተገበረለን ሓገዝ ማሕበርአን ንምምሕያሽ ዕድል ዝፈጥር ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ብህዝበን መንግስትን ንዝገበረለን ናብዮት ኣመስጊነን።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ሳዕቤናት መርዓ ትሕቲ ዕድመን ጉዳእቲ ልምድታትን ዘተኩረ ንቕሓት ሕብረተሰብ ዘበርኽ ኣስተምህሮ ንበርቲ ንኡስ ዞባ ማይ-ምነ ከምእተዋህበ ተሓቢሩ።

## ኣስመራ - ኣብ ምፍራይ ባህርያዊ ድኹዒ ዘዘተየ ዓውደ-ዘተ ተቓኒዑ

ንመምርሕን መለክዒታትን ምፍራይ ንግዳዊ መዓል ዘውዕል ባህርያዊ ድኹዒ ዝምልከት ሰድ ንምጽዳቕ ዝዓለመ ዓውደ-ዘተ፡ ብ1 ሕዳር ኣብ ኣስመራ ተቓኒዑ።




ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ. ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስየና ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ መደረ፡ ተጠቀምነት ባህርያዊ ድኹዒ ኣብ ኤርትራ ሓድሽኳ እንተዘይኮነ፡ ኑቲ ንንግዳዊ መዓል ዘውዕል፡ ካብ ባህርያዊ ትሕዝቶ ዝዓሎ ፈሳሲ. ይኹን ድሩቕ ድኹዒ ዝምልከት ወግዓዊ መምርሒ. ስለዘይጸንሐ፡ ንዕኡ ዝምልከት ሰድ ንምድላው ነዊሕ ከምእተሰርሓሉ፣ ዕላማ ናይ'ቲ ዓውደ-ዘተ ድማ ብቐንዱ ነዚ ሰድ ንምጽዳቕ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣቶ ተኽለኣብ ኣስዒቡ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኑቲ "ውሑስ መኣዛዊ መግቢ. ንኹሉ፡ ኣብ ኩሉ!" ዝብል እዋናዊ ዕላማኡ ንምዕዋትን ኑቲ በበእዋኑ ምስ ዕቃብ ኣከባቢ. ዝሰነ እዮታውነት ምህርቲ ንምዕባይ ዘካይዶ ዘሎ ስርሓት ንምድራኽን፡ ምስ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ብምትሕብባር፡ ኣብ ምፍራይ ባህርያዊ ድኹዒ ፍሉይ ኣተኩሮ ሂቡ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዓውደ-ዘተ፡ እቲ ንድፊ ሰድ ሓቕፍዎም ዝርከቡ፡ ማለት ብቐዓቱን ኣድማዕነቱን ዝተፈልጠ ባህርያዊ ድኹዒ ብምፍራይ ብውሑስ መንገዲ ከምዝፈረየ ምርጋጽ፣ ባህርያዊ ድኹዒ ንዝዓልዉ ትካላት፡ ፍርያቶም ብቐዓቱ ዝሓለወ ምኳኑ ኣረጋጊጾካ ፍቓድን መረጋገጺ. ብቐዓትን ምሃብ፡ ምቹእ ኩነታት ዕዳጋ ምፍጣር፣ ኑቲ በበእዋኑ ዝኣከበ ጉሓፍ ብኸመይ ብውሑስ መገዲ ናብ ባህርያዊ ድኹዒ ከምዝምስራሕ ምስትምሃር፣ ከምኡ'ውን ውሕስነት ኣከባቢ. ኣብ ግምት ኣእቲኻ ድኹዒ ምፍራይ ዘጠቓልሉ ዛዕባታት ተዘትዩ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ብዛዕባ ዝፈሪ ዘሎ ደረቕን ፈሳስን ባህርያዊ ድኹዒ፣ ዘለዎ ብልጫታትን ክግላእ ዝግብኦ ትሕዝቶታትን ኣብ ዝበሉን ኣልኣት ኣርእስታትን ዘትዮም።

ኣብቲ ብሚኒስትሪ ሕርሻ - ክፍሊ. ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ዝተወደበ ዓውደ-ዘተ፡ ላዕለዎት ክኢላታት ሕርሻ፡ ከምኡ'ውን ዝምልከቶም ሚኒስትሪታትን ኣፍረይቲ ንግዳዊ ባህርያዊ ድኹዒን ተሳቲፎም ነይሮም።

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ምርጫ ኣመሪካ - ዘይርሳዕ ዝተባህለሉ ምትህልላኽ

ኣብ ኣመሪካ ክካየድ ዝቐየየ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ብሰንኪ'ቲ ክልቲኦን ተወዳደርቲ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ዝኽተላኦ ናይ ወጻኢ ፖሊሲታት ኣብ ከለን ኣህጉራት ዓለም ዘሕደሮ ጽልዋታት፡ ማዕከናት ዜና ዓለም ብተጉዳስኡ ይከታተላኦ ከምዝለዋ ይፍለጥ።

ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳ ዝተወለዐ ሳልሳይ ዓመቱ ዝሓዘ ኲናት ናብ ዝለዓለ ዓለማዊ ግጭት ክይሰግር ዝሰግኡ ወገናት፡ ነቲ ውግእ ዘጕሃህር ወገን ክዕወት ኣይደምጹን። ልዕሊ ዓመት ዝሓለፈ ካብ ቓዛ ናብ ሊባኖስ ዝሉሓመን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ህልቂት ሰላማዊ ህዝቢ ዘስዕብ ዘሎ ግጭትን ከህድእ ተስፋ ዝሀብ ወገን ኣብቲ ምርጫ ክዕወት ከም ዝደልዩ እውን ዘይሰሉላት እዩ። ኣብ ወጻኢ ሃገራት ብፍላይ ኣብ ኣህጉራት ኤውሮጳን ኤስያን ዝርከ ዘሎ ኣብ ረብሓታት ዝተመርኰሰ ሃንቀውታ ኣብቲ ማዕከናት ዜና ክንጸባርቕ ይረኣ።

ሃንቀውታ ሃገራት ወጻኢ. ግና ነቲ ኣብ ውሽጢ. ሃገር ዝፍጠር ትምኒታት ኣይወሰናን። ኣብ ክልተ ዓበይቲ ሰልፍታት ዝተመቐለ ህዝቢ. ካብ ናይ ብሕቲ ውልቃዊ ረብሓታቱ ክሳብ ዘውክሎ ማሕበራዊ መትከብሮታት ዘዋጽኦ ፖለቲካዊ ሰልፊ ክዕወት እዩ ዝደሊ። ኣብ ኣርባዓታትን ሓምሳታትን ብዓብላሊ. ዓሌት ጻዕዳን ሓደ ሃይማኖትን ዝፍለጥ ዝነበረ ህዝቢ. ኣብዚ. እዋን ብሓያሎ ሃይማኖታትን ዓሌታት ሕብርን ዝተመቓቐለ ኣብ ርእሲ ምኽኑ ብጠቢዩ ማሕበራዊ መትከብሮ ከም መለለዩ መንነት ገይሩ ዝወሰደ ህዝቢ. ኣብ




ዘውክሎ ቀጸርታት ዓረዱ ይተሃላለኽ ከምዘሎ ይፍለጥ።

ሓደ ካብቲ ሎሚቅነ ከም ኣገራሚ ዕላላት ኩይኑ ዝቐየየ ሓያሎ ካብ ሙስሊም ኣዕራብ ኣመሪካውያን ንዶናልድ ትራምፕ ብምድጋፍ ገስጋሳት ክካይዱ ዝተራእዩሉ ኩነታት ነይሩ። ትራምፕ ናብ እስራኤል ዘለዎ ደገፍ ንጹርን ዘየወላውልን ምኳኑ ኣብ ዘካይዶ ዝነበረ ናይ ምረጹኒ ወፈራታት ብጋህዲ ዝገልጾ ዝነበረ እዩ። ብሓደ ወገን ናይ ፍልስጤም ሰንደቕ ዕላማ ሒዞም ትራምፕ ክምረጽ ዝጸውዑ ኣዕራብ ካብ ካማላ ሃሪስ ንፍልስጤማውያን ዝኾኑ ተሰፋ ከም ዝሰኣኑ ይገልጹ። ኣመሪካ በቲ ሕጂ ናብ እስራኤል እተውሕዞ ዘላ ወተሃደራዊ ሓገዝ ክሳብ ሕጂ ኣብ ስልጣን ዝጸንሐ ምምሕዳር ደጊሙ ክምረጽ ከም ዘይደልዩ እውን የረድኡ።

ሚሺጋን ኣብ ዝተባህለ ክፍለ ሃገር ዝርከቡ ኣመሪካውያን ኣዕራብ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ. ካብ ሪፓብሊካን ዝተፈልየ ንፍልስጤማውያን ዘርብሕ መድረኽ ክፈጥር ኣይክኣለን ይብሉ። ንፍልስጥኤማውያን ኺሩ ዝድግፍ ኣመሪካዊ መራሒ. ክሳብ ዘይተፈጥረ፡ "ኣብራሃማዊ ሰፈት" ኣብጊሰ ሓያሎ ሃገራት ኣዕራብ ምስ እስራኤል ክቀራረብ ዝኸኣለ ዶናልድ ትራምፕ ግለ ሰናይ ነገር ክምህዝ ይኽእል ዝብል ግምት ከርእዩ ጸኒሖም።

ኣብዚ. ኣዝዩ ከቢድ ምትህልላኽት ዝረኣየሉ ዘሎ ምርጫታት ኣብ ዘቤታዊ ጉዳያት ዝምልከቱ ኣካታዕቲ ጉዳያት፡ ህዝቢ. ብደጋፍን ተቓዋምን ኣብ ክልተ ተጋሚዑ ወሲ. ደምጺ. ዝሀቡሉ ሰዓታት፡ ኣብ ምልእቲ ሃገር ትማሊ. ተዛዚሙ።

ካብዞን ሓምሳ ክፍለ ሃገራት፡ ንመን ክመርጻ ከም ዝኽእላ ካብ ቀደም ብልምዲ. ተኣሚኑሉ ዝጸንሕ ባህ. ኣሎ። እተን ንሰልፊ ዲሞክራሲ. ዝመርጻ ሰማያዊ ክፍለ ሃገራት፡ እተን ንሰልፊ ሪፓብሊካን ዝመርጻ ኸኣ ቀያሕቲ እናተባህላ ይጽወዓ። ኣብ ናይ ሎም ዘበን ምርጫ፡ ጽዑቕ ህዝቢ. ዘለወን ግና ንጹር ሻራ ኣብ ዘይብለን 7 ክፍለ ሃገራት ዝጠዘለ ደምጺ. ንምርካብ ከቢድ ምትህልላኽ ክካየድ ተራእዩ። ብሓደት ደምጺ. እንተኾነ እውን ዝሰዓረ ኑቲ ብወከልቲ (electoral college) ዝወሃብ ደምጺ. ንኹሉ ስለ ዝወስዶ ተወዳደርቲ ብሕልፍያ ተሓናኒቖም ቀጺሎም። ኣብዘን ንጹር ሻራ ዘይብለን ክፍለ ሃገራት፡ ደገፍቲ ካማላ ሃሪስን ዶናልድ ትራምፕን ዝኾኑ ውሩያት ፖለቲከኛታት፡ በልየኝራት፡ ስነ ጥበባውያንን ሓብሮም ክንቀሳቐሱ ጸኒሖም።

ናይ ዓለም ቀዳማይ ሃብታም ኢሎን ማስክ ንሪፓብሊካን ዝመርጹ ዕጫ ዝዋደቐሉ ናይ ሓደ ሚልዮን ዶላር መዓልታዊ ወጻኢ. እናገበረ ቀጺሉ ኣሎ።

ንሰልፊ ዲሞክራሲ. ቀንዲ ተጻባኢ. ኩይንዎም ዘሎ ብሕታዊ ተወዳዳሪ ዝነበረ ጁንየር ሮበርት ከኔዲ ኸኡ ህዝቢ. ንትራምፕ ክመርጽ ክንቀሳቐስ ቀጺሉ። ሰድራቤት ከኔዲ ፍሉጣት ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራሲ. ብምዃኖም፡ ሮበርት ከኔዲ ንሪፓብሊካንን ዝወከልዎ ክብርታትን ተሰሊቢጡ ብምድጋፉ ካማላ ሃሪስ ገስጋስ ክኽልክል ክትጽውዕ ቀንያ እያ።

ብዚይካ እተን ኣገደስቲ ሒደት ናይ ዕሾላት ክታቢታት፡ ቀንዲ ተቓዋሚ ኣሰንዳድ ክታብት ምኳኑ ዝፍለጥ ከኔዲ፡ ትራምፕ እንድሕር ተዓዊቱ ናይ ካቢኔ ስልጣን ከምዝወሃቦ ይእመን። ኣብ ጉዳያት ጥዕና እንድሕር ተሸይሙ ድማ ከምጸኦ ዝኽእል ምቅይያራት ዝሰግኡ ወገናት ኣለው. - ምናዳ ዓበይቲ ትካላት ኣፍረይቲ መድሃኒት። ሰልፊ ዲሞክራሲ. ዝንቀሳቐሱሉ "ማሰላት ፍርያምነት ኣደ" ዝቃወም ከኔዲ ኣብ ማህጸን ዘሎ ህያው ዕሽል ብህይወት ናይ ምንባር መሰል ከምዘለዎ ካብ ትራምፕ ንላዕሊ. ኣትሪሩ ክጸውዕ ጸኒሑ።

ከም እኒ ሊዲ ጋጋ ኦፕራን ሓያሎ ናይ ሆሊውድ ተዋሳእቲ ስነ ጥበባውያንን ከኣ ኣብ ጎድኒ ካማላ ሃሪስ ተሰሊፈን ህዝቢ. ንሰልፊ ዲሞክራሲ. ክመርጽ ጸውዒት ከቕርባ ቐንየን።

## ናብ ሓድሕዳዊ መጥቃዕቲ ዝተቐየረ 'ጭርቃን ጕሓፍ'

ቶኒ ሂንችክሊፍ ዝተባህለ ንትራምፕ ዝድግፍ ፍሉጥ ተዋዛዪ፡ ዶናልድ ትራምፕ ገስጋስ ክካይድ ኣብ ዝተዳለወሉ ባይቶ ማዳሰን ንህዝቢ. ኣብ ዘስመዖ ጭርቃን፡ ናይ ሰዓር ባሕሪ ግዝኣት ኣመሪካ ዝኾነት ደሴት ፖርቶሪኮ "ኣብ ባሕሪ ጸምበለል እትብል ኩምራ ጉድፍ" ኢሉ ዝሃቦ ርእይቶ ክልቲኦም ተቐናቐንቲ ሰልፍታት ኣመሪካ ክኽሰቡሉ ፈቲኖም እዮም።

ሰልፊ ሪፓብሊካን ብቐልጠፍ ናይቲ ሰልፊ ርእይቶ ከምዘይኮነ ዘረድእ መግለጺ. ፈኒዎም። ብምኽንያት ሸምገልና ካብቲ ውድድር ነፍሱ ዘልገሰ ፕረዚደንት ጆ ባይደን ኣብቲ ጭርቃን ተመርኲሱ ዝሃቦ ርእይቶ ድማ ኣብ ሰልፊ ዲሞክራትስ ከቢድ ሰክፍታ ክትፈጥር ክኢሉ። ጆ ባይደን፡ ደቂ ፖርቶ ሪኮ ሕፉራትን ክቡራትን ምኳኖም ድሕሪ ምግላጹ "እቶም ጕሓፍ ዝተባህሉ ግና ደገፍቱ እዮም። ኣብ ኩሉም ላቲኖ ዘለዎ ጽልኢ. እኮ መዳርግቲ የብሉን" ብምባል ሓሳብ ሂቡ። ኣባላት ሰልፊ ሪፓብሊካን ድማ ኣብ ኣመሪካ ንዘቕመጡ ናይ ምምሪጽ መሰል ዝለዎም ደቂ ፖርቶ ሪኮ "ጕሓፍ" ተባሂልኩም እናበሉ ክረስዕዎም ቀጺሎም። ጆ ባይደን 'ንደገፍቲ ናይቲ ኮመድያን እየ ዝበልኩ' እኳ እንተበለ እታ ዝተባረቐት ቃል ክትዕረ ኣይከኣለትን።

ስለ ሰልፎም ዶናልድ ትራምፕን ገስጋሳት ዘካይዱ ዝነበሩ ኣባላት ሰልፊ ሪፓብሊካን ኣብ ኣመሪካ ንዝቕመጡ ተወለድቲ ፖርቶ ሪኮ ሰልፊ ዲሞክራሲ፡ ጕሓፋት ከም ዝበሎም ብቓላት ጆ ባይደን ከረድኡ ቀጺሎም። ናይ ፍሎሪዳ ሴናተር ማርኮ ሩብዮ ኣብ ፔንሲልቫኒያ ገስጋስ ኣብ ዘካይደሉ ህዝቢ. ዝተኣከበሉ ዋዕላ "ውዑይ ዜና" ብምባል መደረ ኣቋሪጹ ኑቲ ህዝቢ. ናይ ባይደን ቃላት ኣሰሚዕዎም። ህዝቢ. ኸኣ ብሕድሪ ጨሪሑ።

ዶናልድ ትራምፕ እውን ትቕብል ኣቢሉ ናይ ባይደን ጸርፊ ኣዝዩ ብርቱዕ ከም ዝኾነ ብምግላጽ፡ ኣብ 2016 ኣንጻሩ ትወዳደር ዝነበረት ክሊንተን ንደገፍቱ "ኣብ ሰከፅት ዝተኣከቡ ጽሉኣት!" ትብሎም ከም ዝነበረትን ሕጂ ኸኣ "ደገፍተይ ጕሓፍ ትብሃሉ ኣሎኹም" ብምባል ኑቲ ዕዱም ህዝቢ. ኣዘራርዎ። ፔንሲልቫንያ ሓንቲ ካብተን ኣገደስቲ ሓዲግ ዝኾና ክፍለ ሃገራት ክትክውን እኽለ ኣሰታት ሓደ ሚልዮን ተወላዶ ፖርቶ ሪኮ ይርከብዋ።

ኣብ ዝቐጸሉ ናይ ገስጋሳት መደባት ኣብ ዝኸዶ ዓድታት ብዘዕባ ናይ ባይደን ርእይቶ "ጕሓፍ" ምዝኽር ቀጺሉ፡ ዊስኮንሲን ኣብ ዝተባህለት ክፍለ ሃገር ካብ ነፋሪት ክወርድ እንከሎ መራሕቲ ማኪና ኣካቢት ጕሓፍ ዝኸደንዎ ደብዛ ለቢሱ ምስ ወረደ፡ ኣብቲ መዓርፎ ተዳልዩ ናብ ዝነበረት ማኪና ጕሓፍ ተሰቒሉ ናብቲ ዝተመደበሉ ህዝቢ. ዝተኣከበሉ ሰፍራ ከምዝበጽሐ ምንጭታት ክሕብሩ ቀጺሎም። ብመሰኮት ተቐልቂሉ ኸኣ እቲ ድራማ "ስለ ኽብሪ ጆ ባይደንን ካማላ ሃሪስን ምኳኑ" ንዘጸብይዎ ዝነበሩ ደገፍቱ ይገልጸሎም ነይሩ።

ናይ ጕሓፍ ገስጋስ ብዚይካ እቲ ዝፈጥሮ ዕላላት ኣብ ክልቲኦም ወገናት ከስዕቦ ዝኽእል ለውጢ. ኣሎ ኢልካ ምግማት ኣይከኣልን። ነፍሲ. ወከፍ ሰብ ነናቱ ውልቃዊ ዝንባሌታት፡ ናይ ህይወት ፍልስፍናን ቁጠባዊ ረብሓን ኣለዎ። ንዝኸሰቡሉን ዝኣምኑሉን ሃገር ከኣ ይድግፍ። ኣባላት ሰልፊ ሪፓብሊካን ኩይኖም ናብ ትራምፕ ብዘለዎም ኣሉታዊ ኣረኣእያ ንካማላ ሃሪስ ክመርጹ ዝተዳለዉ. ውሩያት ሰባት እታ ሃገር እውን ኣለዉ።

ካማላ ሃሪስ፡ ኣብቲ መውዳእታ ዘስመዓቶ ናይ ዋሽንግተን መደረኣ "ንሓያሎ ዓመታት ዶናልድ ትራምፕ ንህዝቢ. ኣመሪካ እናኸፋፈለ ፡ ህዝቢ. ንሓድሕዱ ብፍርሒ. ክጠማመት ገይርዎ እዩ። ኣነ ግና ዋላ እንተዘይመረጽኩምኒ ክሰምዓኩም እየ" ኢላ ።

ተወዳዳሪ ሕጹይ ፕረዚደንት ኣብ መድረኽ እናገስገሰ ብቐንጻሊ. ተኳሒቱ ብጥይት እዝኑ ዝተጨረመሉ ካልኣይ ቀታሊ. ንምትካስ ምቅርራብት እናገበረ ካብ ዝተታሕዘሉ ኣጋጣሚታት ዝሰረረ፡ ዘይተኣደነ ናይ ቤት ፍርዲ ክስታት ዝጸበዮ ብገበን ዝተኸሰ ሕጹይ ፕረዚደንት ዝተሳተፈሉ፡ ንመበል 47 ፕረዚደንት ኣመሪካ ንምምራጽ ዝተኻየደ ደምጺ. ናይ ምሃብ ዕለት ትማሊ. ተዛዚሙ ኣሎ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ.
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ.
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

### ኣገዳሲ. መልእኽቲ ብምኽንያት ቅዉሕሰት መድሃኒት

<u>ባዕለ-ፍወሳ መድሃኒት ኣወግድ!</u>

ኣብ እትሓመሉ እዋን፥ ኢድካ መርመራ ሕክምና ገይርካ ግቡእ መድሃኒት ምእንቲ ክትወስድ፥ ንበዓል ሞያ ጥዕና ብዛዕባ ኩነታትካ ሓብርን ኣማኽርን። ንበዓል ሞያ ጥዕና ከየማኽርካ፥ መድሃኒት ብጸገ ርእስኻ ምውሳድ፥ ንጥዑይ ኣወሳስዳን ሓደገኛ ሳዕቤናትን ክቃልዕ ይኽእል። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፥ ምስ ዓይነትን ደረጃ ብርትዐን ሕማምካ ዘይዛመድ መድሃኒት ምውሳድ፥ ንኸበድቲ ጉድኣዊ ሳዕቤናት መድሃኒት ምቕላዕ፥ ካብ ሕማምካ ዘይምፍዋስን ናብ ንዘበኣሰ ሕማማት ወይ ሓልክታት ምቕላዕን የጠቓልል። ስለዚ. ባዕለ-ፍወሳ መድሃኒት ኣወግድ!

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## “ፍቅርና ኣኺሉ ይተርፈና’ዩ”

*10 ነሓሰ 2014*

4፡37 ድ.ቐ.

- ደምበ ከባብ -

ቅናት ኣደይ ማርያም ንሰማይ መዳልያ ሰሊሙዎ ይርኣየኒ ኣሎ። ኣብቲ መዳልያ ኸኣ ምስልኻ ዝተወቀረ ኰይኑ ግዲ ተሰሚዑኒ ትም ኢለ እጥምተካ ኣለኹ። ናብ ምብራቕ መሓዛይ ኢለ ምስ ወጻእኩ’የ። ጥዑይ ክዳን እኳ ኣይገበርኩን። ንምብራቕ ኢለ ዝተማላእክዎ ቁሎ-መሎ ሒዙ፡ እታ ትፈትዋ ናይ ገዛ ቱታ ክዳነይ፡ ንስኻ ዘይረኣኻያ ‘ስካፍ’ ኣብ ክሳደይ ኣሲረ ኣለኹ። ምብራቕ ገዛ ኣይጸንሓትንን። ናብ ገዛ ክምለስ ኣይደለኹን። ንስኻ ኣብ ዝኸረይ እንተ መጺእካ በይነይ ክኸውን’ዩ ዝፍተወኒ። ከመይ ኢለ ዘኪረካ ገሚትካዶ? ብርግጽ ከም እትዝክራ ርግጸኛ እየ።

ኣብቲ መጀመርታ ዝተላለናሉ ቅንያት’ዩ። ኣነ ከምታ ትፈልጠኒ ሓፋር ስለ ዝነበርኩ ብዘይ ምብራቕ ኣይዛወርን’የ ነይረ። በይነይ ክመጽኣካ እንክለኹ፡ “ቦርሳኺኸ ደኣ?” ክትብለኒ ዘኪረዮ። ክትስድድ መዓት እንዲኻ!። ንፈለማ ግዜ ምብራቕ ዘይብሉ ሻሂ ዝሰተናሉ፡ ካብ ግዜና እቲ ኣዚና ዝተሓጉስናሉ መዓልቲ’ዩ። ንሓድሽ ህይወትና መጀመርታ መዓልቲ’ያ።



ኣዕልል ኣምሲና፣ ጥዑም ዕላል። ዝበልካኒ ትዝክሮዶ?

“እሞ ብዙሕ ምባል የድልየኒ ድዩ?”

“ብዛዕባ ምንታይ?”

“ብዛዕባ እዚ ንኽልተና ዘሰመዓና ዘሎ?” ቀኒንካ ደኒነ ንዘኸወልኩወን ኣዒንተይ ክትርኢ እናተቓለስካ።

“እንታይ ይስምዓና ኣሎ ድዩ?”

“እምበኣር ዝስመዓናስ የለን!? ትማሊ እንታይ ኴንኪ ገዛ ምስ ኣተኺ ደዊልክለይ?”

“ማራ መስዩ ስለ ዝነበረ ብሰላም እንተ ኣቲኻ ከረጋግጽ ኢለ። እዚ እሞ እንታይ?”

“ሻቕሎት! ስለ ዝተሻቐልክለይ ደዊልኪ።”

“ንስኻስ ተቓጺርና ከነብቅዕ ቅድሚ ፍርቂ ሰዓት ቁጸራና ትብገስ ምህላውካ ክትነገረኒ ደኣ እንታይ ኴንካ ደዊልካ?”

“እሞ ዘይንሱ እንታይ ኣዛርበኒ ኣሎ። ... ኣይትስሓቒ’ሞ! ሓቀይ’የ ዘሳቕየና ግዜ ኣይንወስኽ። ሕጂ’ውን ብዙሕ ምዝራብ የድልየና ድዩ?”

“ብዛዕባ እንታይ?”

“እውይ ኣቲ ጓል... ጸወታ ሕልሚ ደርሆ ከይጸገብኪ ዲኺ ዓቢኺ? ብጥሪኣ ዘይበልኩዋ ዲኺ ደሊኺ?”

“እሞ ዘይትብላ... እንታይ ይሕዘካ ኣሎ?”

“እሞ... እሞ... እሞ... ክትብሊ’ኮ...። እሞ በሊ እፈትወኪ’የ። ከም ትፈትውኒ ኸኣ እፈልጥ’የ። እንታይ ደኣ ሕጂ ትም ኢልኪ...።”

ካብቲ ካፈ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝና ክንወጽእ እንከለና ይፍለጠኒ ኣይነበረን። ነቲ ዝተባሃልናዮ ከኹምስዕ ንኸባቢየይ እዝኒ ኣይሃብኩዎን። ብዘይ ምብራቕ ናብ ገዛ ስለ ዘይኣቱ ናብ እንዳ ምብራቕ ገዛ ኢና ብእግርና ተጓዒዝና። ኣእዳውና እንታይ ይኹና ኣለዋ ኣይንፈልጥን ኔርና። ሕንከተይ ሕንከትካ በብሓደ ጠፊኡ።

“ኣብ ህይወተይ ዝዓበየ ዝተመነኽዎ ነገር ኣሎ። ኣዝየ ዘፍቅራ ብጸይቲ ክትህልወኒ፡ ንሳ ኸኣ ዝያዳይ ተፍቅረኒ ክትከውን እምነ ነይረ...።”

“ነይረ፡” ኲሊፈካ።

“ሕጂ ኣብዚ መዓልቲ ትምኒተይ እንድዩ ሰሚሩለይ። ደጊም ታሪኽ ስለ ዝኾነ ‘ነይሩ’ መጠኑ’ዩ፡” ኢልካኒ። ልበይ ክንድኡ ሓጉስ ክመልእ ንመጀመርታ ግዜ’ዩ። ጥብቕ ኢለ ክሓቝፈካ ኣይተረድኣንን። ከምቲ ዝሓሰቦ’ዩ ሓሳብካ፣ ከምቲ ዝምነዮ’ዩ ትምኒትካ፣ ከምቲ ዝደልዮ’ዩ ድልየትካ። እቲ ዝኸውን ምሳኻ ክኹነለይ ቅኑዕ ኰይኑ ተሰሚዑኒ።

ኣፍደገ እንዳ ምብራቕ በጺሕና። ክንደይ ግዜ ክንፈላለ “እሞ...” ኢልና ግን ኣይተፈላለናን። ጸጸኒሕካ ምራቕካ ክትውሕጥ እንክለኻ፡ እንታይ ከም ዝሓሰብካ ይርድኣኒ ነይሩ። ግና ባዕልኻ ክትጅምር’ዩ ዘምሕር። ክኸይድ ዝግብኣኒ ተጸብየካ! ተጸብየካ! ተጸብየካ!። መወዳእታኡ ግን ፍርሒ ስዒርካዮ ስሕብ ኣቢልካ ስዒምካኒ። ስዕሞኻ መደንዘዝ’ዩ። ንመጀመርታ ግዜ’የ ወዲ ስዒመ። እሞ ኸኣ እቲ ኣዝየ ዘፍቅሮ ወዲ፣ ናይ ፈለማ ፍቕረይ። ኣብ መሬት ረጊጸ ከም ዘለኹ ካባይ ፍንትት ምስ በልካ’የ ፈሊጠ። ንስኻ’ውን ዝገበርካዮ ክትኣምኖ ከም ዘይከኣልካ እርኢ ነይረ። ናብ ምብራቕ እናኸድኩ እታ ናይታ መዓልቲ ምስክርና ዝነበረት ዓንዲ ኤለክትሪክ ሕሹኽ ኢላ ኩሉ ተዘክረኒ። ናብ ምብራቕ ሓሲበ ዝመጻእኩ ናብ በረኻ በይነይ ዝኸደሉ ግዜ ኣደኡ ትቕጽሮ።

ማራ ናፊቐካ ኣለኹ። ኣይከኣልኩን በጃኻ! “ኩሉ ግዜ ተራር ክትኩኒ’የ ዝደሊ፡” ትብለኒ ዝነበርካ ከምዚ ሕጂ ናፍቖት ምኽኣል ምስ ሰኣንኩ’የ ዝዝክሮ። ክንድ’ዚ ክትፍለ ምኳንካ ካብ ፈለማ ትፈልጥ ኔርካ ማለት’ዩ። እታ ማዓሙቓን መሸጉራጉራን ዝፈልጣ ዝመስለኒ ዝነበረ ልቢኻ ነዚ ኣበይ ደቢቓቶ ነይራ።

ኣንታ ንስኻ ኣይትናፍቐን ዲኻ? ከማይ ክንራኸብ ኣይትደልን ዲኻ? ዝሓለፈ ከርተት ይኣክል፣ እቲ ቤትና መሊኡ ዝፈስስ ፍቕርና ኣኺሉ ይተርፈና’ዩ። ተመለስ! በጃኻ ተመለስ። ደጊም ካብ ጉነይ ኣይትርሓቕ። ይቑርር ኣለኹ ድራር ዓይነይ! ምሸት-ምሸት ብኣኻ ከይሓሰብኩ ዘደቀስኩላ መዓልቲ የላን። መዓልቲ ብጩራ ወጋሕታ ክትጅምር እንከላ ኣብ ደረትካ ተተርኢሰ፡ ሽምጥኻ ሓቝፈ ዘለኹ ኰይኑ ይስመዓኒ። ሃሰስ ምስ በልኩ ግን ዘየለኻ ትጸንሕ። ገና መዓልቲ ኣሃዱ ከይበለ ኸኣ እናፍቐካ! ብኣኻ ክሓስብ እውዕል! ብኣኻ ክሓስብ ኣምሲ። መግበይ፡ ናፍቖት ጥራይ ኰይኑ። በጃኻ ተመለስ! እቑርር ኣለኹ።

መቸም ኣይትናፍቐን ኢኻ ኢለ ክሓስብ ኣይክእልን። ግን እንታይ ኰይኑ’ዩ ከምዚ ናተይ ቅልው ዘየበለካ ይገርመኒ። ሓደ ግዜ ምሉእ መዓልቲ ከይደወልኩልካ ውዒለ፡ “ትናፍቕኒዶ?” ክትብለኒ ይዝከረካ ዶ?

“እናፍቐካ! ቅልው’ኳ እብል፡” ምስ በልኩኻ፡ እንታይ ኢኻ ኢልካኒ፣ “ናፍቖት ቅልው ከብለኪ እንከሎ፡ በቲ ክትርኽብኒ ትህንጠዩ ኣይትሕሰቢ፡ ክሳዕ ክንድኡ ከም ትፈቕርኒ ዝነግረኪ መልእኽቲ ውሽጥኺ ምኳኑ ዘክርዮ። ኣነ ኸኣ ኩሉ ሳዕ እናፍቐኪ’የ፣ ስለ ዘይተራኸብና፡ ኣይናፈቕኩን ማለት ኣይኩነን።”

እሞ ሎምስ ቅልው ኣይኩነን ቅልውልው ኣቢሉኒ ኣሎ። ውሽጥና ብናፍቖት ገይሩ ፍቕርና ዝገልጽ እንተ ኾይኑስ፡ ካብ ውሽጠይ ቀዲዱ ወጺኡስ ኩሉ ሰብ ዝዕዘቦ ኰይኑ እንህልካ በል፣ እንታይ ኢኻ ክትገብሮ!? ኮፍ ኢልና ብሓደ ዝሰራዕናዮ ቀዳምነትና ምኳኑ እፈልጥ’የ፣ ግን ከኣ ሓደ ሓደ ግዜ... እዋእ ... ቀዳምነታትካ’ውን ኣብ ቅድሚ ናፍቖት ዋጋ የብሉን።

ምልእተ ተስፋይ

---

*08 ሕዳር 2022*

*6፡45ድ.ቐ.*

“ካብ ኣዋልድ ከኣ ሓደ ክልተ ከነሳትፍ ጽቡቕ’ዩ፡” ምስ በለ ክኣምን ኣይከኣልኩን፣ ክንደይ ደቓይቕ ደረቐ ጠሚተዮ ኣይተረድኣንን። ኣብ ሓደ ንእሽተይ ኣኼባ ናይ ስራሕና። ሓደ መጽናዕቲ ንኽግበር ተሓሲቡስ ብዛዕብኡ ንዘራረብ ኔርና። ነቲ መጽናዕቲ ዘካይዱ ጕጅለስ፡ “ካብ ኣዋልድ ከነሳትፍ ጽቡቕ’ዩ፡” በለ ሓደ ኣባል። ጓል ግርማይ ዶ!?

ሓላፊና ኸኣ ከይሓሰበ ክምልስ ጀሚሩ። “ጽቡቕ፡ ሓቂ’ዩ እኸለ፡” ተርጋኢ ሓሳብ ከም ዝተረኽበ፡ ንመነመን ከም ዝሕውስ ክሓስብ “እ...” እናበለ ብዓይኑ ክኹለና ጀመረ። ኣነ ጓል ግርማይዶ?

ከመይ ዝበልዋ ሕስርቲ መዓልቲ’ያ ጓለይ። ንዓይን ንኻልእ መሳርሕተይን ስም ረቒሑ፣ ኣስዕብ ኣቢሉ ኸኣ ሓሙሽተ ኣወዳት ረቒሑ።

“ክዛረብዶ?”

“ሕራይ! ተዛረቢ።”

“ነዚ መጽናዕቲ ዝሓሸ ቅርበትን ኣፍልጦን ዘለዎም፡ ነዚ መጽናዕቲ ዝበቕዑ *ደቂ-ሰብ* እኸለን እኸለን እዮም፡” ኢለ ነብሰይን ነቲ ኣብቲ ጕጅለ ኣዋልድ ክንሕውስ ዝበለ ብፍቓዱ ነብሱ ዝሓወሰ ብዓል ኣፍን ኣይመረጽኩን።

ብሌን ግርማይ

---

## ናተይ ነገር...!

*01 ሓምለ 2013*

2፡30 ድ.ቐ. - ኣስመራ -

“ዕረፍቲ’ባ ሃበኒ!?” ምስ በለትኒ ሓንቲ ቃል ኣየምሎቕኩን። ዓቕላ’ዩ ጸቢቡዋ። ንዓይ’ውን ኣኺሉ’ዩ ተርፉኒ። ኣብ ክልተ ተቛርቂራ ምህላዋ እፈልጥ ኣለኹ። ኣነ ግን ኩሉ ነገራ ምዕራፍ ገይራትሉ ዝመጽኣት ይመስለኒ ነይሩ። ኣነ እንታይ ዘይገብረኩ። እቲ ቃንዛ ቀደመይ ክኢለዮ ነይረ እየ። ሕጂ ምስ መጽኣት ከኣ መሊሱ ጀሚሩኒ። ቍስሊ ከይተጉድአ ኣይሓውን እዩ’ሞ መፈወሲየይ ይግበረለይ።

ትማሊ ምስ ኵሎም ፈተውትና ናብ ባጽዕ መጺእና። ናይ ባጽዕ ዘይተወደአ ዝኽሪ ክልተና ኣሎ። ኣብዚ ኩሉ ውሽጥና ጽቡቕ ጌርና ተፋሊጥና። ብዘይ ሕንከትን ስክፍታን ተቓሪብና። ኣፍና ደኣ “ኣፍቅረኪ” ወይ “ኣፍቅረካ’የ” ኣይበል እምበር ካብ ምንቅስቓስናስ ዝተረፈና የብሉን። መማጽእትና ተኣማሚናም ኣይተዛረቡን ይኹኑ’ምበር ከም ውዱእ ወሲዶሞ ኣለው። ኣነ’ውን ተጠራጢረ ኣይፈልጥን። እንተኾነ ኣዝየ ዝፈልጦ ሰብ ዓርካ ኰይኑ ጸኒሑ። ከምኡ ኢላ እንከላ ስለምንታይ ልባ ትኸፍተለይ? ስለምንታይ ፍትወተይ እናረኣየት ኣስቂጣ ጸኒሓ? ስለምንታይ ኣንፈትከ ዘይትህኒ? ኣገበረቶን ሓሊፉ።

እቲ ብስእሊ ዝተሰነየ ጥዑም ግዜ ብጓሂ ተሸፊኑ ሓሊፉ። ድሕሪኡ ክርሕቃ ኣይከኣልኩን። ብዘይብኣ ዝንበር’ኳ ኣይመሰለንን። ግን ርሕቀተይ ከይፍተኹ ሓልየ። እቲ ጥዑም ዘይምኖ ስምዒት ፍቕሪ ገና ሃዋሃዋ እናጠዓመኒ፡ ረርእየያ መረቐይ እውሕጥ ነይረ። እዋን ኰይኑ ሎሚ ድሕሪ ክንደይ ዓመት ከም ቀደማ ጸሓይ መሲላ መጺኣትኒ። ምርኻብ ምስ በዝሐ፡ እቲ ዝጀመረቶ ምዕራፍ ዓጽያቶ ኣላ እብል ነይረ። ሕልፊ ካልእ ግዜ ንሓዋሩ ልበይ ቀሊዐ ተቐቢለያ። ነቶም “ዘይትምርያ” እናበሉ መከራይ ዘጽገቡኒ ስድራ ኸኣ ብመዓር ጠስሚ ክድብሶም ሓሲበ፣ ሕጂ’ውን ኣይሰመረን። ሕጂ ኸኣ ከም ቀደማ ዘይርጉእ ዝተንጠለለ ልቢ ሒዛ መጺኣትኒ። እንታይ ገበርኩዋ። ከምቲ ዘድንግጸላስ ኣይትድንግጸለይዶ? ሓንቲኣ ዘይተፍልጣ?

ብዓቕሊ ጽበት፡ ድንጋጸ፡ ህርፋን፡ ናፍቖት፡ ትጽቢት፡ ... ብኹሎም ተቖርቂረ እዋን ዕረፍተይ እዋን ቃንዛይ ኰይኑ ኣሎ። መዓልቲ ካብ ንቡር ንላዕሊ ነዊሑኒ፡ እሞ ከኣ ቀሳነት ዘይብሉ። ልዕሊ ኩሉ ስለምንታይ ኣይክዩድ ኣይቀሩብ ትኸውን ኣላ ምርድኡ ኣብዩኒ ኣሎ። ምናልባት ከምዚ ሓደ ዓርከይ ዝበሎ ትሕጃዶ ኰይነ እህሉ። መን ይፈልጥ እምበር ከምኡ ትገብርያስ ኣይብልን። ምኳን ብቐደሙ ዘይኣነ’የ ኣኽፊኣ። ኪንዲኡ ህርፋንከ ኣሎ ድዩ!? ስቕ ኢለካ’ዩ ናተይ ነገር!

“ኣትን ትምርዓዋዶ... ወዮ ረኺብክንኣዶ” ኢላ ትደርፈለይ ነበረት ዓባየይ። “ዓባየይ፡ እዛ ሕጂ ረኺበያ ዘለኹ ቈልዓ፡ ከላልየኪ’የ፡” ክብላ እንክለኹ’ያ ከምኡ ትብል ነይራ፣ ሓቃ’ያ። ስቕ ኢልካ’ዩ ኩሉ ሕውስስውስ።

ትማሊ ኸኣ ኣብ ዝነበረት ነይራ ደዊላትለይ። እንታይ ከም ዝገብር ሓንሳብ ሓሲበ ክውሰን ኢለ ኣየልዓልኩዋን፣ ድሕሪኡ’ውን ኣይደወልኩላን። ከምኡ’ዩ ክኸውን ግዲ።

ወዲ ጃብር

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

11 ክፋል

## ነጥበ መቐይሮ

*ዝና ኑቲ ዚዖዳ ምስጋና ዝንዛኡ ነገር ከም ወሁብ ኢና እንወስዶ።" – ሲንቲያ ኦዚክ*

*"ምስጋና ማለት ዝኸሪ ኣብ ኣእምሮ ዘይኮኑ ኣብ ልቢ ክኽዘን እንክሎ እዩ።" – ሊዮኔል ሃምፕተን*

ንሓደ ጸቡቕ ዛንታ፡ ዋዛ ወይ ሓሳብ ድሕሪ ምስማዕና፡ ንኻልኦት ሰባት ክንደግሞሉም እምብዛ ኢና እንህንጠ። ከምኡ ክንገብር እንከለና ግዱ ልክዕ ከም ዚ ባዕልና ዝመሃዝናዮ ወይ ዝፈጠርናዮ ጌርና ኢና እንጽውዮ።

እዚ ቅኑዕ ከም ዘይኮነ ንኹላትና ክበርሃልና ይግባእ። ንሓደ ዘረባ ክንጠቕስ እንከለና፡ ከሉ ሻብ ኑቲ ምንጪ ክንጠቕሶ ይግባእ። ብኻልእ ኣበሃህላ ስም ኢቲ በዓሊ (credit) ክንሰርቕ የብልናን።

ንገዛእ ርእስኻ ጥራይ ኣይኮንካ ምንጪ ምጥቃስ ከዘየኻኽራ ዘለኻ፡ ንኻልኦት ሰባት እውን ምንጪ ክጠቕሱ ከም ዘለዎም ብተመሳሳሊ ከዘየኻኽሮም ግቡእካ እዩ። "ዝ ሓሳብ፡ ዛንታ ወይ ዋዛ ካበይ ኢኻ ረኺብካዮ?" ኢልካ ናይ ምሕታት ተብዓት ንኽሕልና እዩ ክህልወና ዘለዎ።

ገለ ደምጻውያን ግጥሚ ካብ ካልኦት ክኢላታት ገጠምቲ ይወስዱ እሞ፡ ከም ናቶም ገይሮም ይደርፍዎ። ንኻልኦት ከኣ ዜማ ይሰርቅዎም። እቲ ዝኸፍእ ድማ፡ ብኻልኦት ጉዳይም ደምጻውያን ንእተዘየሙ፡ ንዋናታቶም ከየፍቀዱ ከም ናቶም ገይሮም ናብ ህዝቢ ክዝርግሕዎ ዓይናም ዘይሓፍሩ ምኻናም እዩ።

እዚ ንዓኣቶም ከም ቀሊል ነገር ኩይኑ እዩ ዝርአዮም። ብኣቋራጭ ህቡብነት ወይ ሃብቲ ዝረኽቡ ኩይናም እውን ክስምዖም ይኽእል፡ ሳዕቤኑ ግዱ ንሓዋሩ ሕማቕ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ኑቶም ዘይናቶም ዝመንዝዑ ደምጻውያን፡ ህዝቢ ንሓዋሩ ኣብኦም እምነት ስለ ዘጥፍኡ።

ከም ኣብኡ ናይ ደምጻውያን ኣልዒልና እንገብር እዚ ሕማቕ ተግባር ኣብ ብርክት ዝበሉ ስነ ጥበባዊ ዕዮታት ልሙድ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ንሓሳባት ካልኦት ሰባት ምስራቕ (plagiarism) ናይ ነውራነውሪ እዩ።

ምእንቲ ንሓደ ነገር ብዙሮጾእ ከይድንቖ፡ ንኽብሩ ክንዋሙጋዮ ኣለና። ብኸምኡ እዩ እምበኣር ሓደ ሰብ ንዋታዊ ህያብ ክህበና እንከሎ፡ መብዛሕትና ምስጋና ምቕራብ ዘይንርስዕ።

እቶም ዓበይቲ ሊቃውንቲ ዋላ ንመንፈሳውያን ህያባት ኣብ ግምት ክሕቱ ከም ዘለና እያም ዘየኻኽሩና። ልቦና ብርግጽ ካብ ወርቂ ንላዕሊ ዝኸበረ እዩ። ምስጢር ሓገስ ድማ ካብ ኣልማዝ ንላዕሊ ዝኸበረ እዩ።

ከም መለማመዲ ዝርዝር ናይቶም ብሱሩዕ እትጥቀመሉም ሓሳባት እስከ ኣውጽእ። ማዕረ ማዕረኡ ምንጪ እቶም ሓሳባት ካበይ ከም ዝረኸብካዮም ክትገዝር ፈትን። ንመሩብርኻ ክጠቕመካ ዝኽእል ልቦና ብዙሓት ዝዘኑኻ ሰባት ሕሰብ። ሓደ ሰብ ብቐጥታ ካብ ሕማቕ ነገር ዘላገለካ ኣሎዶ? ሓውኻ ካብ ዕውልና ኣገላገለካዶ ይኸውን? ኣስራሒኻ ኣብ ሞያኻ ዚዖዳ ክትዓብየሉ እትኽእል ምኽሪ ለጊሱልካ ደፈልጥዶ?

ኑቲ ህያብ ከም እተቐበልካዮ ኣረጋግጽ። ሓደ ሰብ ኑቶም ንኣዒንትኻ ጋሪደምካ ዝበሩ ነገራት እንተ ኣልጊሱልካ፡ እዚ ኣገዳሲ ዚሕገስ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ዝተፈልየ ህይወት ንኽትጅምር የኽእለካ እዩ። ንገዛእ ርእስኻ "ኣነ ብዙሕ ቅድሚ ሕጂ ኣቐሊቡሉ ዘይፈልጥ ዝበርኩ ኣገዳሲ ነገር ከስተብህል ክኢለ ኣለኹ።" በል። ከምኡ ክትብል እንከለኻ ብዓውታ ክኸውን ይግባእ። እዚ ንዕኡ ሓቀኛ ኣድናቖት ከም እተርእዮ እዩ ዝገብሮ።

ሕጂ ንስኻ ክሳብ ክንደይ ከም ዘደንቐካዮ እቲ ምንጪ ከም ዝፈልጥ ግበር። "ክብረት ይሃብለይ" እትብል ሓረግ ከም ክፍሊት ናይ እቲ ጸቡቕ ሓሳብ ቀጽር። እዚ ዕዳ ብምኽፋልካ ልዑል ባህታ ክስምዓካ ይግባእ። ንስኻ የቐንየለይ ወይ ክብረት ይሃብለይ ክትብል እንከለኻ ኑቲ ሰብ ልዑል ባህታ እዩ ዝፈጥረሉ። እቲ ምንታይሲ፡ ኑቲ ንኡ ዘበርከቶ ዓቢ ህያብ ልዑል ክፍሊት ከም ዝረኸበሉ እዩ ዝሰምዖ።

እዚ ጸቡቕ ልምዲ እትጅምረሉ



ዝበለጸ ቦታ፡ ኣብ ገዛኻ እዩ። ንወለድኻ ተማስየናምዶ? ንኹሉ ንኣቶም ዘበርከቱልካ ህያባት ኣብ ዝርዝር እስከ ኣስፍር። እቲ ህያብ ንዋታውን ስነ ምግባራውን ክኸውን ይኽእል – ስምዒት ቅንዕና፡ ዲስፕሊን፡ ባህሪ ንሓቂ ሕያውነት ንእቡት፡ … ክጥቀሱ ይኽእሉ። ነፍሲ ወከፍ እዚኣቶም፡ ክሳብ ክንደይ ክቡራት ምኻናም ከተድንቖም ኣሎካ። ሕጂ እስከ ሕሰበሉ። ካብ ወለድኻ እንታይ ኢኻ ረኺብካ? ኑቶም ዝረኸብካዮም ብደቂቕ ፍለጦም።

ኣብ ዝቕጽል፡ ንወለድኻ በቲ ዘበርከቱልካ ህያባት ደቡዳበ ጽሒፍካ ኣመስግኖም። ምናልባት እዚ ቀሩብ ዕጹቕ ይብል ይኸውን እዩ። የግዳስ ኣብ ህይወትካን ህይወት ወለድኻን ሓያል እወታዊ ጽልዋ ከም ዝህልዎ ኩቶ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ክሳብ ክንደይ ዓቢ ሓገስ ከም እትፈጥረሎም ደርደኣካዶ? ንስኻ ኑቲ ሓገስ ስለ ዝፈጠርካሎም ተመሊሱ ንዓኻ ክሳብ ክንደይ ሓገስ ክፈጥረልካ ከም ዝኽእል ክትግምቶ ትኽእልዶ?

ምንጪ ክትጠቕስ እንከለኻ ዝኸሳ ይኸውን እትኸስሮ ነገር የለን። ብመጀመሩ ኣኳ ደኣ ዚዖዳ ኢኻ እትዕወት። ኑቲ ህያብ ኣፍልጦ ክትህብ ፍቓደኛ ክሳብ ዘይኮንካ፡ ንዘኸሳ ይኸውን ልቦና ከተደንቕ ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ ምንታይሲ፡ ኑቲ ህያብ ክትክሕዶ እንከለኻ ብቐጥታ ኑቲ ክብሩ ኢኻ እተጕድሎ ዘለኻ፡ ክንዲ ዝኸሳ ብዕቱብ ኣይተተግብርን ኢኻ – ከመይሲ ንዓኻ ክብሪ ዝሃበ የብሉን። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ልቦናኻ ካበይ ከም ዝመጽአ ብንቕሓት ትፈልጦ እንተ ኾንካ ካልእ ተዓጻጺፊ ተወሃሂቢ ክትረክብ ደሊው ኴንካ ኣለኻ ማለት እዩ።

ካልኦት ሰባት ናብ እቲ ምንጪ ከምርሑ ኣንፈት ኣትሕዞም። ኩሉ ሰብ ከም ዝፈልጦ ግበር። ሓደ ሰብ ምስ ዝሕገሱ ካጦኻ ዝበርቅ ዋላ ሓደ ሓገስ የለን። ግደ ሓቂ ብዙሓት ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ክሕገሱ እንከለዉ፡ ንስኻ ክትሕገስ ዚዖዳ ዝቕለለ ይኸውን።

ኣብ ከበና ዚዖዳ ልቦና ክያኣል እንከሎ፡ ንኹላትና ዝኣክል ዝበለጸ ህይወት ይህሉ።

ስለምንታይ እዩም ገለ ሰባት ንምንጪ ሓሳባት ካልኦት ሰባት ኣብ ምርግጋጽ ምሕር ዝጽገሙ?

እቲ ከውንነት እምበኣር፡ ሰባት ካብ ጽግዕተኛነት ሓራ ክኾኑ እምብዛ ሃረር ስለ ዝበሉ እዩ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ብዘለዎም ፍልጠት ልዑል ክብሪ ካብ ከጠኣም ክረኽቡ ህንጡያት ስለ ዘለዉም እዮም። ካብ ካልኦት ምልቃሕ ንደረጃ ክብሮም ዝበሕጕሎ ኩይኑ እዩ ዝስምዖም። መብዛሕትና እኮ ብኻልኦት ሰባት ዘይበላሕቲ ሰባት ማሲልና ክንረኣ ኣይውሓጠልናን እዩ።

ኣብ ሓቂ እንተ መጺእና ግዱ ዘይጽግዕተኛነት ክንበል እንከለና፡ ንስኻ ዕዳኻ ከፊልካ ኣለኻ ማለት እዩ።

እዚ ንዓና እንታይ እዩ ዝምህረና? ንናይ ካልእ ሰብ ዝና ክንወስድ ክንወናወን እንከለና፡ ኣብ ወሸጥና 'ኢእእእእእእ!' ዝበል ሕልና ክሽኮርኩሓና ይግባእ። እዚ መጠንቀቕታ ደወል ናይ ዘይውሑስነት እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ዋላ እኳ ኣብ ጸቡቕ ደረጃ ከም ዘለና ዘምስለና እንተኾኑ ግዱ ሓቂ ግዱ እዚ ሕሰር መተካእታ ንሕጋዊ ርእሰምምሕያሽ እዩ።

ብሓደ ሓሳብ ጸቡቕ ዝና ክትረክብ ባህጊ እንተ'ልዩ፡ ባዕልኻ ሓደ ምዕቡል ሓሳብ ፍጠር።

ክንዮ እዚ፡ ገለ ሰባት ን'ስርቅኻ' እንተ ኣቃሊያምዎ፡ ብኣዒንቶም ኣኽሊካ ንሓዋሩ ተኣማንነት ኣጥፊእካ ኢኻ እትነብር። ዋላ ንኻልኦት ሰባት እንተ ኣታለልካዮም፡ ንገዛእ ርእስኻ ኩቶ ከተታልላ ከም ዘይትኽእል ክስቁረካ ይግባእ። እወ ንርእሰ ክብርኻ ኢኻ እተሁሰ። ከም እዚ ዓይነት ሕማቕ ተግባር ዋላ ተጣዒስካ ዝምለስ ኣይኮነን።

ኣብ እቲ ክብሪ ክወሃብ ዝግባእ ክብሪ ኣብ ምሃብ ዓይንኻ ኣይትሕሰ፡ ንስኻ ንኻልኦት ሰባት ብፍልጠቶም ክብሪ ክትሀብ እንከለኻ፡ ብጅኡ መጠን ከኣ ንስኻ ብኻልኦት ክብሪ ትረኽብ። ሰባት ከኽብሩኻ እንከለዉ ድማ ርእሰክብርኻ ክብ ይብል። ዋላ ካብ እቲ ሰራሕቶ እንተ ትኸውን ነይርካ ንላዕሊ እዩ ክብሪ ዝስመዓካ።

## ምምማይ ርእይቶታት

ኣብ'ዚ መዳይ ዚዖዳ ዕምቆ ዝበለ ረቂቕ ምልውዋጥ ይንጸባረቕ እዩ። እናሓንሳእ ካብ ሕብረተሰብና ልሙዳት ሓሳባት ንወስድ ኢና። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ከኣ ልክዕ ከም ናትና ገይርና - ምንጪ ከይጠቐስና ንምድረሉም።

ዝርዝር ናይ ገዛእ ርእስኻ ርእይቶ ብዛዕባ ናጻ ፍቓድ (free will)፡ ፍጹም ሓቂ፡ ፍልቀት፡ ሰላም፡ … እስከ ኣብ ደብተርካ ኣስፍር። ናይ ነፍሲ ወከፍ እቶም ዝርዝራት ምንጪ ኣየናይ ምኻኑ ክትገዝር ፈትን። እቶም ኣብ ደብተርካ ዝጸሓፍካዮም ዝርዝራት ናይ ብሓቂ መበቆላውያን ሓሳባትካ ድዮም? ናትካ እንተ ዘይኮይኖም፡ ካበይ ደኣልካ እሞ ረኺብካዮም? ካብ ጋዜጣ፡ መጽሔት፡ ሬድዮ፡ ማሕበራውያን መራኸቢታት፡ … ዲኻ ረኺብካዮም?



ወይ ካብ ዓርኩመሓዛትካ፡ መሳርሕትኻ፡ ናይ ቀረባ ሓለፍኻ፡ ስድራ ቤትካ፡ … ዲኻ ረኺብካዮም? ብኸመይ ኣብ እቲ መደምደምታኻ ክትዓልብ ክኢልካ?

ንገዛእ ርእስኻ ኣይተዐሹ ወይ ኣይተታልል። ሓንሳእ ንኣዝዩትካ ልዕልና እንተ ሂብካዮ፡ ኑቲ መርትዖ ኩቶ ኣይትጥምቶን ኢኻ። ንጕድኣቱን ብልጫታቱን እውን ኣብ ግምት ኣይተእትዎን ኢኻ። ንስኻ ንመደምደምታኻ ክትከላኸለሉ ጥራይ ኢኻ ሒኸ እትብል። እቲ ዝሰዕብ ሓደጋ ድማ ርጉእ እዩ። እወ ኑቲ ዝበጽሕናዮ መደምደምታ ክንኣምኖ ደዩ ዘለና ዋላስ ክንዝርጎ ርግጸኛታት ምኻን ይእግመና።

ንኣብነት፡ ንስኻ 'ፍጹም ሓቂ የለን' ዝበል እምንቶ ይህልወካ ይኸውን። ንስኻ እምበኣር ኑቲ ሓረግ ብኻልእ መንገዲ ኢኻ ክትገልጾ ዘለኻ፡ "ገለ ሰባት ፍጹም ሓቂ ዝበሃል የለን እዮም ዝብሉ።" ክትብል እንከለኻ እዩ ዚዖዳ ዘምሕረልካን ኣእዛን ሰሚዕትኻ ብጽሞና ዘሰምዓካ። ብኸምዚ መንገዲ፡ ንስኻ ኑቲ ሓሳብ ብወድዓዊ መንገዲ ክትምርምሮ ናጻ ኢኻ እትኸውን። እወ ዝሹኑ ይኸውን ጸጋዒ ከይሃብካዮ እውን ትኸውን። እዛ ዝቕጽል ሓቂ ብተሓሳሰብ ጸቡቕ ገይርካ ትትንትኖ።

ሕጂ ኑቲ ሕቶ ቀሩብ ኣዕምቍ ኣብልካ ስለጦ። ቅድሚ ዝኣገረ ስለምንታይ ኢኻ ዝም ከም ዝኣም ዝኣመሰሉ ሓሳባት ዝመረጽካዮም?

ኣብ ዝቕጽል ግዜ ምይይጥ ኣብ ኣከራኻሪ ኣርእስቲ ክትሰምዕ ትኽእል ኢኻ። ቀልጢፍካ ኑቲ ሓሳብ ኣይትቃወሞ ወይ ኣይትደግፎ። ኣቓዲምካ ብዛዕባ እቲ ኣርእስቲ ኣብ መደምደምታ ከም ዝበጽሕካ ገይርካ እውን ንገዛእ ርእስኻ ኣይተታልል። ካብ እቶም ተመያየጥቲ ንዘቕረቡ ኩሉም መርትዖታት ከይሰማዕካ ኾነ ናብ ሓደሽ መደምደምታ ኣይትተሃንደድ። እንተ ዘይኮይኑ፡ ኑቲ ሓሳብ ኣብ ህይወትካ ክትጥቀመሉ ክእግመካ እዩ።

ብዛዕባ ሓደ ካብ መደምደምታታትካ ርግጸኛ ክትከውን ትኽእልዶ? እወ! ንዳይናሚክ ወይ ስነ ምንቅስቓስ ንጹርነት ተማሂሮካ እስከ ኣብ ግምት ኣእትዎ። ከርናዕ ፍልጠት ብኸመይ ከም ዝሰርሕ ኣጽንዖ። ብድሕሪኡ ብዛዕባ መደምደምታ ዝበጽሕካዮ ጉዳይ ርግጸኛ ኣብ ምኻን ክሕግዘካ እዩ።

ዳርጋ መብዛሕትኡ ህዝቢ ዓለም ወጋሕታ ካብ ድቃሱ ምስ ተበራበረ፡ ንፈጣሪ ብብዙይማኖቱን ቋንቋኡን የማስየን እዩ። ሰባት መግቢ፡ ኣየር፡ ንዓለምና እንርእየሉ ኣዒንቲ፡ ንኹሉ እንሰምዓሉ ኣእዛን … ብሓፈሻ ህይወት ንዘለፍና ፈጣሪ ነማስየን ኢና።

ኣብ ትሕቲ ፈጣሪ እነማስየኖም ሰባት እውን ውሑዳት ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም። ወለድና፡ መጻምድና፡ መምህራንና፡ ጎረባብትና፡ ኣስራሕትና፡ መሳርሕትና፡ ዓርኩመሓዛትና፡ … ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ንሕና ክነማስየን እንከለና፡ እንረኽቦ ረብሓ ብቐሊሉ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። እቲ ዘማስየን ሰብ ካልእ ህያብ ብተዓጻጺፉ እዩ ዝወሰኸ። እቲ ምንታይሲ፡ ሰባት ኑቶም ከም ዝሓገዙዎም ክብሪ ዝሃቡዎም እዮም ዚዖዳ ክሕግዙ ዝደልዩ። ኑቲ 'የቐንየለይ' ዘይፈልጥ ሰብ ክሕግዝዎ ኣይብርሁምን እዩ። ኑቲ ዝሰረቖም እሞ ኸኣ ካልኣይ ግዜ ኣብ ጥቓኦም ከቐርብዎ እውን ኣይደልዩን እዮም።

ኣብዚ ዓንቀጽ ክትከተረሉም ዝግባእ ቀንዲ ነጥብታት፡ እዞም ዝስዕቡ እዮም፥

- ዝርዝር ናይ እቶም እተጠቐምካሉም ጥቕስታት ኣውጽእ። ካበይ ከም ዝረኸብካዮ ፍለጦ። ኣብ መወዳእታ ድማ ክብሪ ኣብ ምሃብ ኣይትዘንግዕ።
- ንምንጪ ልቦናኻ ዕሽሽ እንተ ደኣ ኢልካ፡ ንኽብሪ እቲ ልቦና ኢኻ ዕሽሽ እትብሎ።
- መሳርሒታት (tools) ወይ ልቦና ንናብራ፡ ካብ ዝኾኑት ዘመናዊት ማኪና ወይ መኾና ናብ ዝኾነ ከርናዕ ዓለም ንላዕሊ ዝኸበሩ እዮም።
- ምስጋና ንኻልኦት ሰባት ምሉእ ክብሮ'ኸ እንከሎ፡ ሕብረተሰብ ብፀቢኡ እዩ ኣብ ሓደጋ ዝወድቕ።
- ንምንጪ ልቦናኻ ዘይምጥቃስ ቀሊል ነገር ኩይኑ ክስምዓካ ይኽእል እዩ። ክሳብ ክንደይ ከም እተጋገኻ እትፈልጦ እምበኣር፡ ሰባት ንሓሳብትካ ሰሪቖም ክብሪ ክረኽቡሉ እንከለዉ እዩ።

*"ምስጋና ንሕሉፍ ግዜ ስምዒት ከም ዝህልዎ ይገብር፡ ንሎሚ ሰላም የምጽእ፡ ንጽባሕ ከኣ ራእይ ይፈጥር።" - ሜሎዲ ቢዩቴ*

*"ምስጋና ካብ ኩሎም ሒሞታት ዝዓበየ ጥራይ ዘይኮኑ ወላዲ ናይ ኩሎም ሒሞታት እውን እዩ።" – ማርክስ ሲሰሮ*

ይቕጽል

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ኣመለኻኽታ ወሳኒ እዩ!

በርህ ኣርኣያ

ዝኾነ ሰብ ካብ ዝውለደላ ዕለት ኣትሒዙ ክሳብ ዕድመ ሽምግልና፣ ጥዕና፣ ዕቤትን ቅሳነትን ዝመልኦ ህይወት ክበጽሕ ዘይምነ ኣይኮነን። ዓለም ግን ዝደለኻዮ እትቕርበልካ ብዘይምኳና፣ ኣንጻር ትምኒትን ባህግን ውልቀሰባትን ሕብረተሰብን ካብ ምኳን ኣይትዓርፍን'ያ። ኩርዓሕ ዘይብላ ለማጽ መገዲ ጥራይ ኣይኮነትን። ከምቲ ኩልና እንፈልጦ፡ ማእለያ ብዘይብሉ ሓርገጽገጽ፡ ዕንቅፋታትን ብድሆታትን እተመልአት'ያ። ክንዲ ዝኾነ ዓለም ኀደሎ ምኳና ፈሊጥካ ኑቲ ክውንነት ምቕባል ሓያል ጥበብን ልቦናን ይሓትት። እዚ ከኣ ኣብ የም ዘጋጥሙ ግዚያዊ ጸገማት ጥራይ ከይተሓጽርካ ናብ መፍትሒ ሸግር ኣድሂብካ ናብ ዘላቒ ራህዋን ሰላምን ምቁማት፡ እቲ ዝበለጸ መርሓ-ጉደና ህይወት እዩ። ኣብዚ ከምዚ መዳይ፡ ኣመለኻኽታን ኣረኣእያን ኣዝዩ ወሳኒ እጃም ኣለዎ። ኣመለኻኽታ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ኣብ ኣተሓሳስባን መነባብሮን ቀጥታዊ ጽልዋ ኣለዎ። ብተወሳኺ ኣመለኻኽታና፡ በቲ እንነብሮ ዘለና ሕብረተሰብን ግዜን ክጽለው ድማ ናይ ግድን እዩ። ስንክልና፡ ዓሌት፡ ጾታ፡ ደረጃ መነባብሮን ካልእ ተመሳሳሊ ረቛሒታትን ከይፈለየ፡ ንዝኾነ ሰብ ኪጋጥሞ ዝኽእል ብዓዲ ፈተኑህይወት እዩ። ብርታዐን ክብደትን ናይቲ ዘጋጥም ስንክልና፡ ካብ'ቲ ህሉው ኩነት ዝያዳ በቲ ዝወሰድ ክንክንን ኣተሓሕዛን ይውሰን። ደረት ደረጃ ንቕሓትን ርድኢትን ሕብረተሰብ ኣብ ልዕሊ ስንክልናን ካልኦት ክስተታት ህይወትን ዋላ'ኳ ፍልልያት ይሃልዎ፡ ዝ ንቕሓትን ርድኢትን ንምስፋሕ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ግን ብዙሓት ዝተረፉ ነገራት ኣለው። ስለዚ፡ ተወሳኺ መደባትን ፕሮግራማትን ብምሕንጻጽ ክሕየሉ ይግባእ።

ስንክልና ዝኾነ ሰብ ዘይምርጾ ክስተት እዩ። ምስ መጽኣ ግን ብኸመይ ንርእዮን ንገጥሞን ከምኡ'ውን ብኸመይ ኣብ ረብሓና ነውዕሎ ድማ በቲ ኣብ እንነብረሉ ከባቢን ሕብረተሰብን ዘሎ ኣመለኻኽታ ዝጽሎ እዩ። ስለዚ ኣመለኻኽታን ኣረኣእያን ንዕብየትን ምዕባለን ወዲ-ሰብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ጉዳይ ስለዝኾነ ዝያዳ ኣቓልቦን ኣድህቦን ዝጠልብ ምኳኑ ምግንዛብ ከድሊ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣመለኻኽታ ሕብረተሰብና ከበቢን ኣብ ልዕሊ ስንክልናን ካልኦት ክስተታት ህይወትን ከመይ ይመስል? እንታይ'ከ ክግበር ይከኣል? ዝብል መልሲ ዘድልዮ እዩ።

ባህርያዊ ስንክልና፡ ብመንጽር ዝጸንሐ ኣመለኻኽታ ሕብረተሰብ እንተተራእዩ ዳርጋ ምስ መርገምን መቕጻዕቲ ናይ



ክፉኣት መናፍስቲን ዝርኢ ዝበረ ዛዕባ እዩ። እዚ ኣመለኻኽታ ግና ካብ ክውንነት ዝረሓቐን ዝኾነ ይኹን መንፈሳዊ ሰረትን ትሕዝቶን ዘይብሉን ምኳኑ፡ ሃይማኖታዊ ቅዱሳን መጽሓፍቲ ምውካስ ይከኣል። ኣምሳያ ናይዚ ግጉይ ኣተሓሳስባ ግና እዙም በዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ዝኣምኑ ዝበሩ ሕብረተሰባት፡ ኣብ ወላዶም እንተኣጋጢሙ ክሓብእዎ ዘይጉብርዎ ኣይነበርምን። እቶም ብህይወት ክነብሩ ዝገደፍዎም ከኣ ብሰንኪ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባኦም ኣብ ልዕሊ ወላዶም ዓቢ በደል ይፍጽሙ ነይሮም። እቶም ዝፍጸሙ በደላት ዝተፈላለዩ'ኳ እንተኾኑ፡ መብዛሕትኦም ግን ተጸሊኦን ኣድልዎን ኪጋጥም ርሒብ ዓብ ይኸፍኡ ነይሮም'ዮም። ብፍላይ ከኣ እቶም ከቢድ ስንክልና ወላዲ ዘጋጠሞም ወለዲ፡ ስንክልና ወላዶም ከይፍለጥ፡ ይሓብእዎ፡ ምስ ሰባትን መነባብሮን ከይላለዩ ብዙሕ ኣሊዮ ይጥቀሙ፡ ንዕብየቶምን ምዕባሌኦምን ኣገዳሲ ካብ ዝኾኑ ዕድላት ይሓርሙዎምን ካልእን የጠቓልል። ኩሉ ጸገማት እምበኣር ካብዚ'ዩ ዝጅምር።

ዋላ'ኳ ኑቲ ወጽኢት መርገም ኢሉም ዝሓስብዎ ስንክልና፡ ክሽፋፍንዎ ብዙሕ ጻዕርታት እንተኣካየዱ፡ ኣብ መወዳእታኡ ግን ካብ ዓይኒ ሕብረተሰብ ክሕባእ ዘኽእል ጉዳያት ብዙሕ ክሳብ ዘይሃለወ፡ ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኮይኑ እዩ ዝዘርፍ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ግጉይ ኣተሓሳስባ ዝነብር ሕብረተሰብ፡ ኑቶም ጉዳይ ዝኾኑ ሰድራቤታት ክንጸሎም ይፍትን። ብተመሳሳሊ ከኣ ሰድራቤታት፡ ኑቲ ስንክልና ዘጋጠሞ ወላዶም ካብ ኩሉ መዳያት ህይወት ይንጽልዎ። ብስዕቤኑ

ስንክልና ዘጋጠሞ ሰብ ኣብ ዘይተደለየ ጭንቀትን ብስጭትን ኣትዩ ህይወቱ ላንጋ ላንጋ ይተርፍ። እዚ ኹሉ ግን እንታይ ኣምጽኡ? ምናልባት ከም ኣረዳድኣ መብዛሕትኡ ሕብረተሰብ ኑቲ መርገም'ዩ ዝበሎ ኣተሓሳስባ ከምዝይተቐበሎን ምስ ሕብረተሰቡ ኣብ ሓደ ኣተሓሳስባ ከምዝሎን ንምርኣይ ዝኑበር ምኳኑ ይግለጽ። ሕጂ'ውን እዚ ኣረኣእያ'ዚ ክእረም ዘለዎ ምኳኑ ዘዅርብ የብሉን። እቲ ኮይኑ እቲ ግና ብመጀመርያ እቲ ቀንዲ ተጠቃዒ ወይ ግዳይ ዝኾነውን እቲ ምስ ስንክልና ዝነበር ዘሎ ሰብ ኮይኑ ኣብ ሰድራቤት ዝወርድ ጸቕጢ ከኣ ብቐሊል ዝርአ ዘይምኳኑ'ዩ። እዚ ዓይነት ኣሉታውን ግጉይን ኣመለኻኽታ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብመጠኑ እናተቐያየረ'ኳ እንተመጽአ ጠቕሊልካ ንምጥፍኡ ግን ገና ብዙሕ ዝተርፍ ነገራት ኣሎ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ድማ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ሓላፍነቱ ክፍጽም ክኽእል ኣለዎ። እዚ ጉዳይ'ዚ ንዝተወሰነ ኣካል ዝገደፍ ዕማም ኣይኮነን። ወጽኢት'ውን ከምጽእ ኣይክእልን'ዩ። ስለዚ ዝተወሃሃደ ጻዕርታት ምኽያድ ናይ ግድንን እዋናውን እዩ። እቲ ኣብ መጀመርያ ዝመጽእ ከኣ ንቕሓትን ኣፍልጦን ሕብረተሰብ ምዕባይ እዩ።

"ስንኩል" እትብል ቃል ንባዕላ ናብ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ እትወስድ ሰያመ ምኽና ደሮ ግዙበ ተወሲዱ ማሰረታዊ ምምሕያሽ ተገይሩላ ኣሎ። ስለዚ እዚ ኣሉታዊ ዝበሃል ኣመለኻኽታ ንምእላይ ወይ ንምእራም ተባሂሉ ድማ "ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት" ክበሃል ተጀሚሩ። "ፍሉይ ድሌት ዘለዎም ሰባት" ዝብሉ ጽሑፋት እውን ኣለው። ጽሒፉ ድማ ኣብ ሓደ ሓደ ሃገራት "ሰብ ፍሉይ ክእለት" ክበሃል ንሰምዕ ኣለና። እዚ ኹሉ፡ ኣሉታዊ ሳዕቤን ናይ ኣመለኻኽታ ንምጉዳልን ምስ ስንክልና ንዝነብሩ ሰባትን ቤተሰቦምን ኣለይቶምን ድማ እወታዊ ኣተሓሳስባ ኣጥርዮም ኑቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ብድሆ ኣብ ረብሓ ግዲያት፡ ቤተሰቦም፡ ሕብረተሰቡ ሃገርን ዓለምን ኣብ ምውዓል ዝዓለመን እዩ።


ምስ ስንክልና ዝነብር ሰብ፡ ብፍላይ ከኣ እቲ ብተፈጥሮ ዘጋጥም ስንክልና፡ ከም ቅቡልን ንቡርን ክስተት ክውሰድ እንተተኻእለ፡ እቲ ደረጃ ኣመለኻኽታ ተመሓይሹ ካብ ኣሉታዊ ናብ እወታዊ ተቐይሩ ክበሃል ይከኣል። ከም ወጽኢቱ ከኣ ሰድራቤታት ናይቶም ምስ ስንክልና ዝነብር ወላዶም፡ ኑቲ ዘጋጠሞም ፈተኑ ህይወት ኣብ ክንዲ ዝጽይንዎን ኑቲ ግዲይ ከኣ ዝንጽልዎ፡ ብኣንጻሩ ይሕብሕቡዎን ይኣልይዎን እየም። በቲ ዝከኣሎም ዓቕሚ ከኣ ሕክምናውን ካልእ ሓገዛትን እናኣናደዩ ኑቲ ብድሆ ኣጋጢሙዎ ዘሎ ወላዶም ብዝተኻእለ መጠን ንቡርን ሕጉስን ህይወት ክመርሕ ይጽዕሩ። እዚ ከኣ በቲ ኣብ ልዕሊ ምስ ስንክልና ዝነብር ወላዶም ዝርእይዎ ሓልየትን ኣልያን እዩ ዝጅምር። ከም ወጽኢቱ ድማ ዝለዎ ፍሉይ ትዕድልቲን ዝምባሌታትን ኣለልዮም ኣቦናይ ዓውዲ ዝያዳ ከድምዕ ይኽእል ትዕዝብቲ ወሲዶም፡ ንዕብየትን ምዕባለን ወላዶም ይሓስቡን ይጽዕሩን።

ዕማማት ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ንጉዳይ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ንምፍታሕ፡ በቲ ኣብ ሰውራ ዝጀመረን ብዋዘቢ ዝተሰርሓሉን ንቑሕ ናይ ኑብሱምርካ ስሩሓሳብ ዝተጠለ ኮይኑ፡ ስንክልና ዝጋጠሞም ተጋደልቲ ብዝተኻእለ መጠን ኑብሮም ክኢሎም መነባብሮኦም ክመርሑ ከምዝለዎም ዝገበረ እወታዊ ስሩሓሳብ ዝተሰረተ እዩ። ኣምሳያ ናይዚ ዘሎቦን ወጽኢት ከኣ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ተጋደልቲ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ዓቕሞም ዘፍቅዶ ዝኣድ ኣበርክቶን ተሳትፎን ይገብሩ ምንባሮም'ዩ። ንኣብነት፡ ንኻልእ ፍኸስ ዝበለ ደረጃ ስንክልና ጉዲፍና፡ ክሳብ እቲ ናይ ክልተ ኣዒንቲ ዑረት ዘጋጠሞ ተጋዳላይ፡ በቲ ክልተ ኣእዳዉ ዝተቘረጸ እናተመርሐ ብዙሕ ኣድማዒ ማእቶታዊ ስራሕ ማለት ከም ምርጋፍ፡ ማይ ምውራድ፡ መንበሪ ጉዛውቲ ምህናጽን ካልእን ይሳተፉ ነይሮም። እቶም ንብር ዕላማ ናጽነት ክብሉ ኣካሎም ዝሰንከሉ፡ ዕድመ ረኺቦም ናጽነት ዝርእዩ ኣዝዮም ብዙሓት እየም። ካብኦቶም ከኣ ሓዳሮም መስሪቶም ወሊዶም ደቆም ብዘቐዳት ኣዕቢዮም ካብ ዩኒቨርሲቲን ኮለጃትን ካልእ ሞያታትን ኣመሪቖም ኣመርቲዖም ኣቦሓጎታትን እኖሓጎታትን ዝኾኑ ኣብ ከተማና ንዕዘቦም ኣለና። እዚ ግብራዊ ተመክሮ ህይወት፡ ዓወቱ ወጽኢት ኣብ ልዕሊ ስንክልና ዝበረ እወታዊ ኣተሓሳስባ ሰውራ ኤርትራ እዩ። በዚ መሰረት ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን ካብ ጽባሕ ናጽነት ኣትሒዙ ንጉዳይ ስንክልና ብዕቱብ ክሰርሓሉ ጸኒሑን ኣሎን።

ኣብ 1994 ዝጀመረን ክሳብ ሕጂ ዝቕጽል ዘሎን መደብ ኮማዊ ሰረት ተሃድሶ ስንኩላን፡ ናብ ደረጃ መደብ ኮማዊ ሰረትን ተሃድሶን ልምዓትን ስንኩላን፡ ኣረጋውያንን ካልኦት ግዱያት ማሕበራዊ ጸገማትን በጺሑ እወታዊ ኣበርክቶ ዝገበረን ዝነብር ዘሎን እዩ። መደብ ኮማዊ ሰረትን ተሃድሶን ልምዓትን ሕብረተሰብ ኣብ ልዕሊ ብተፈጥሮ ወይ ብሓደጋ ስንክልና ዘጋጠሞ ዜጋ እወታዊ ኣተሓሳስባ ኣበሪኹ፡ ንስንኩላን ወኖታቶም ብዓቕሞም ዘፍቅዶ ከይጸለሉ ንቡር ናብራኦም ንኽመርሑ ዝደርኽ ደረጃ ንኽበጽሑ ብዙሕ ዝተሰርሓሉ እዩ። በዚ መደብ'ዚ ስንኩላን ተጸብዩቲ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ኣበርክትትን ኣገደስቲን ምኳኖም፡ ኣብ ርእሲ ምርካብ ኣሚኖም ንብሶምን ስድራቤቶምን ክኣልዩ ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበሩ ዘለዉ እዩ። ሉታፌ ስንኩላን ኣብ ኩሉ መዳያት ህይወት ከኣ ብዋዘቢ ንርእዮ ዘለና እዩ።

ወጽኢት ናይ'ዚ ነዊሕ ዓመታት ዝወሰደ መደብ'ዚ ኣብ ልዕሊ ስንክልና ዝበረ ኣሉታዊ ኣመለኻኽታ ንምልዋጥ ዝተኻየዱ ገስጋሳዊ ስርሓት ርኡይ ምዕባለታት ከምጽኡ ክኢሎም እየም። ንቕሓት ሕብረተሰብ በሪኹ ናብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ክበጽሕ ቀጻሊ ገስጋሳትን ኣስተምህሮታትን ክውሃብን ዘይሕለል ጻዕርታት ክቕጸልን ከድሊ እዩ። ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት፡ ኣብ ዝቶዩዱ ልምዓታዊ መደባት ንጡፍ ተሳትፎን ኣበርክቶን ክህልዎም ድማ ዝተፈላለዩ መደባትን ፕሮግራማትን ክሕንጸጽ ኣለዎ። ክሳብ ሕጂ ዝተረኸቡ ወጽኢታትን ለውጢታትን ዋላ'ኳ ኣሀጉብቲ እንተኾኑ፡ ምስቲ ለውጢ ዘጸምታዊ ምኳኑ፡ ዝተርፈና ብዙሕ ከምዘሎ እንግንዘቦ'ዩ።

ሃገር ክትምዕብል እንተኾይና፡ ኩሉ ሰብኣውን ባህርያውን ንዋትን ጸጋታትን ብውሕሉል ኣጥቢብ ናብ ዕላማ ምዕባለ ምስ ዝኸተት እዩ። ኤርትራ ከም ሃገር፡ ክሳብ ሕጂ ዘሎ ብድሆታት ሰጊራ ክትቅጽል ምኽኣላ፡ እቲ ኹሉ ግዜ ዝዘረበሉ ዝዓበየ ጸጋኣ "ህዝባ" እዩ። ስለዚ ኩሉ ኣባል ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ብውህድ ሓቢሩ ኑቲ ዓቢ ዕላማ ዕቤት ንምብጻሕ ዝዓለመ ስራሓት ክሕየሉ ይግባእ'ዮም። ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ከኣ ሓደ ካብ'ቲ ዓቢ ጸጋ ሃገርና ምኳኖም ሓበሬታ ዘድልዮ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ተሳትፎኦም ንዓኦምን ንቤተሰቦምን ሕብረተሰብን ካብ ዝጥዕሞኹት ኣወጊዱ፡ ብኸኣት ብዙሕ ጸጋታት ኣድሒኑ፡ ንማስርሕ ምዕባለ ደራኺ ሓይሊ ምውሳኽ እዩ። ምስ ስንክልና ዝነብር ሰብ ኣብ ስራሕ ምስታፍ ማለት ልዑል ደረጃ እወታዊ ኣተሓሳስባ ኮይኑ፡ ኑቶም ምሉእ ኣካላት ዘለዎም ሰባት'ውን ኣተባባዒ ጭቡጥ እዩ። ስንክልና ደረጃኡን ዓይነቱን ስለ ዝፈላለ ከኣ፡ ምስ ስንክልና ዝነብሩ ሰባት ዘለዎም ፍሉይ ክእለት ቀሊል ግምት ከይተዋህቦ ብውህድ ጻዕሪ ሱታፌኦም ኣሐይል።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ገብርኤላ ወልደ ገብር፡ ብዓል ቤተይ ዞርያስ ወልደገየርጊስ ገብረመሰቀል ስለ ዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፤ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ጸገ ዘርኣይ ወልደሃዋርያት፡ ብዓል ቤተይ ክብሮም ኣድሓኖም ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወልደሚካኤል ዓንደ ተኽለኣብ ምባል ተሪፉ፡ ወልደሚካኤል ዓንደም ተኽለኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ስምዖም ገብረኣምላኽ ክፍለ፡ ብዓል ቤተይ ሃይለኣብ ማስሉኣብ ድራር ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፤ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ስሊያና መንግስትኣብ ሓይለኣብ፡ ተጸዋዒ ኣቶ የሲፍ ገብሩ ት/ዕድመ ወደና ናይ ሞግዚት ስልጣን ክሽየም ዝብል ምልክታ ስለ ዘቕረበት፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ን29/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ንሽካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

ሳባ ተኽለይ የውሃንስ ወለድና ተኽለይ የውሃንስ ንገሰን ምሕረት ተሰፋገርግሽ ገብረትንሳኤን ስለዝሞተ፡ ኣነ ኣመልካቲት ምስ 5 ኣሕዋተይ 1 ተተካኢ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብርሽ ሓይለኣብ ዓንደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃም እልፋይ ዑቕባሚካኤል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፤ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኑቢያት ኪዳነ ተኽሉ፡ ብዓል ቤተይ ደጀን መሉጌታ ረታ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፤ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/112/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣርያም ወልዱ ፍስሃ፡ ኣዴና ኣብረሃሌን ገብረየሃንስ ወልደገየርገስ ስለዝሞተት፡ ኣነ ኣመልካቲት ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጃዝገ ቼቶ ፍሩትምዛ፡ ሓፍተይ ማርያ ቼቶ ፍሩትምዛ ስለዝሞተት፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለዘይብላ፡ ኣነ ኣመልካቲት ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

የርዳኖስ ብርሃ ግርማይ ምባል ተሪፉ፡ ሬሩዝ ብርሃ ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኤልሳ ብርሃ ገብረገርግሽ፡ ወለድና ብርሃ ገብረገርግሽ ጺጋይን ፋና ሃብተማርያም ኣውዓሎምን ስለ ዝሞቱ፡ ኣነ ምስ ሓደ ሓወይ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣብርሃም ገብረየሱስ ገብረትንሳኤ፡ ወደይ ኣማኒ ኣብርሃም ገብረየሱስ ስለዝሞተ፡ ውላድ ስለ ዘይብሉ፡ ኣነ ምስ ኣዲኡ ወ/ሮ ፍረወይኒ ገብረእግዚኣብሄር ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣቶ ሰለሙን ኸሊፋ ሸኽ ሰብሐ፡ ኣደይ ረዘት ገብረኣብ ወልደየውሃንስ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

ሩት በየነ ባህታ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ርእሶም ተስፋይ ስለ ዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፤ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

ኣቶ ኪዳኑ ሓጎስ መንግስቱ፡ ኣቦይ ሓጎስ መንግስቱ ዑቕባልደት ስለዝሞተ፡ ኣነ ኣመልካቲ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ኣማኑኤል ንገሰ ጎይትኦም፡ ተኸሳሲት ሰምሃር ክብሮም ተኽለዝጊ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋበኢያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጢ።

ኣቶ መሓመድ ዐስማን፡ ወኪል ኣቶ ዓብደልቃድር ሑሴን፡ 2ይ ገባኤ እስላም ኣውቃፍ ን/ዞ/ሰንዓፈ ወኪል ኢብራሂም ኣልሓጅ ፍ/ሄራት ብሩራ ኣቡብር እስማኤል ብዕለት18/7/23 ቀሪቡ ብቑጽሪ ER/59-6/3/12 ኣብ ቅድሚ መሸሻሸጢ ቀሪቡ ነቲ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ምምሕዳር/ንኡስ ዞባ ገዛ ጥንዳ ካቢ ማይ ጃሕጃሕ ጎደና ኣምሓጀር ቁ/ገዛ 14/31ይ ኣመልካቲ 4 ክፍልታት ምስ ቴራሶ ከምኡ'ውን ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ዓዲ ኣውለዕ እትርከብ ማስከድ ድማ ኣብቲ ናይ ኣስመራ ገዛእ ክልተ ክፍልታት ሸቓቕ ክሸጥ ምስ ንእሽተይ ካሻኮልኡ ንኣመልካቲ +2 ንሸጦ ተማጒታ ስለ ዝደፈረልና፡ ወሃብቶ ይጽደቐልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

የናታን መሲ የውሃንስ ኣቡሓጎይ የውሃንስ መንግስቱ ወልደኣብ ስለዝሞተ፡ 4 ደቁ ምስ ተተካእቲ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

ፍትሓዊ ሃብተም ኣርብዐም፡ ስም ኣደይ ሰላም መሉጌታ ተስፋይ ምባል ተሪፉ፡ ሰላማዊት መሉጌታ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

ተስፋት በየነ ሃብቱ፡ ኣደይ ኣሰፋሽ ተስፋሚካኤል ቀለታ ስለ ዝሞተት፡ ኣነ ኣመልካቲት ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

ኣቶ ቴድሮስ ተስፋይ ማሩ፡ ኣቦይ ተስፋይ ማሩ በረ ስለዝሞተ፡ ኣነ ኣመልካቲ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሄለን ገብረኪዳን መዝገበ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሳሚኤል ከርሱ፡ ናይ ሞግዚት ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

የርዳኖስ ተኸስተ ተስፋሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ የርዳኖስ ተኸስተ ተኽለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ብስራት ኪዳነ ተመልሶ ምባል ተሪፉ፡ ብስራት ጐይትኦም ዘሙይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ የውሃና ኪዳኔ፡ ተኸሳሲ ኣድሓኖም መድሃኔ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ሳምራዊት ገብሩ፡ ኣቦይ ገብሩ ዓንደሚካኤል ስለ ዝሞተ፡ ንኣደይ ወ/ሮ ለምለም ኣብርሃ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ኣመልካቲት ምስ 6 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ፋኑስ ባህረ፡ ተኸሳሲ ሓደሽ ተስፋኣለም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲ ኣቶ ሄኖክ መለስ ላይኔ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ፍኖት ገብረእየሱስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ምሕረት ገረብ ዓንደሃይማኖት ምባል ተሪፉ፡ ምሕረት ገሪማ ዓንደሃይማኖት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

መም/መድህን ዓንደማርያም ዑቕባሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ሉቃስ ወልደገርግስ ደስታ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፤ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ወ/ሮ ፋጡማ ሰቲ ኣሕመድ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ሰቲ ኣሕመድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲት ሰናይት ዑቕባይ ገብረሂወት፡ ተኸሳሲ ሓጎስ ወልደትንሳኤ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

መሓመድዓሊ ኣሕመዲን ሐሴን ምባል ተሪፉ፡ ዓሊ ኣሕመዲን ሐሴን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓምር ሳልሕ፡ ወደይ ሰዒዱ ዓምር ሳልሕ ን13 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ንግስቲ ኪዳነማርያም ገብረስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ገብረመስቀል ኪዳነማርያም መንገሻ ስለ ዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፤ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ


ኣመለሰት ተስፋሂወት ግርማይ፡ ብዓል ቤተይ ኣማኒኤል ወልደሚካኤል ተከሌ ስለ ዝሞተ፡ ኣነ ምስ 6 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሳልሕ ማሕሙድ ሎንጊ ምባል ተሪፉ፡ ዳዊት ማሕሙድ ሎንጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሮማ ኣብርሃም ሃብቱ፡ ብዓል ቤተይ ኪዳነ ባይሩ ወልደማርያም ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፤ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


## ብስራት ንተመሃሮ ኣንበብቲ መጽሓፍ




ፍቱዋት ተማሃሮ ኣብ ክረምቲ ቱር ዲ ፍራንስ ተዓዚብኩሞዶ? ዓወት ቢኒ ከመይ ረኺብክሞ? መጽሓፍ 'ቢኒ ክረኽቦ'የ' ኣብ ናይ ቱር ዲ ፍራንስ ምርኩስ ገይራ እተዳለወ ኣዝያ ስሓቢት መጽሓፍ እያ። እዛ መጽሓፍ መሃሪት፡ ኣዘናጋዒትን ኣዘካሪትን ኩይና፡ ናትኩም ናይ ኣሕዋትኩምን ስድራኹምን ስምዒት ክትረኽብዎ ኢኹም። ኣብዛ መጽሓፍ ተሰፋ ከይቌረጸ ዕላምኡ ዝረኸበ ተመሃራይ ኣሎ። ብኸመይ ዕላምኡ ሃሪሙ ኣብ መጽሓፍ 'ቢኒ ክረኽቦ'የ' ኣለኩም። ንስኹም'ውን ኣብ ዕላማኹም እንተጽዒርኩም ከምእትዕወቱ እተዘንቱ መጽሓፍ እያ። ደራሲ መጽሓፍ ቅድሚ ሕጂ፡ **'እታ መጽሓፍ'፣ 'ሓልዮት 1'፣ 'ሓልዮት 2'፣ 'ሓልዮት 3'** ዝብላ መጽሓፍቲ ካብ ኣንበብቲ ዓቢ ኣድናቖት ክረኽባ ዝበቕዓ ብሉጻት መጽሓፍቲ ዝደረሰ እዩ። ኣንብብዋ ብዙሕ ቁም ነገር ኣለዋ!! ዘንብብ ይዕንብብ!!

"……መጽሓፍ ነባሪ ምስ ምዃኑ፡ ነዛ መጽሓፍ ኣብ እነንብበሉ ግዜ፡ ንዓይ ይኹን ንኻልኦት ንዙር ፈረንሳ 2024ን ዘነበረና ስምዒትን ብፍሉይ ክንዝክሮ ክትገብረና እያ። ንጸሓፊኣ ከምዚኣ ዓይነት ብልጽቲ መጽሓፍ ምጽሓፉ 'የቐንየልና' እብሎ!!"

ቢንያም ግርማይ ዕዉት ቀጠልያ ማልያ ዙር ፈረንሳ 2024

ደራሲ፡ መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ) ሞባይል፡ 07190414

ኣብዘን ስተሽነሪ ኣላትኩም፡
* ሰተቲ ስተሽነሪ (ኣካፋፋሊ)
* ኣውገት መሸጣ መጻሕፍቲ
* ኣርት ጋለሪ
* መረብ ስተሽነሪ
* ኤርትራ ስተሽነሪ
* ሃገረ መጽሓፍቲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣቶ ተኽለ ወልደጊዮርጊስ ተሰሞ ምግል ተሪፉ፡ ተኽለ የሴፍ ተስፋዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲ ምም/ክራይ ኣባይቲ ን/ዞ/ዓዲ ቐይሕ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኤልሳ ስለሙን ፈዳይ፡ ንዓኺ ዝምልከት ናይ ገዛ ምልቃቕ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጢ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ጀሚላ ኣለም ዝብርሄወት ምግል ተሪፉ፡ ጀሚላ ኣለም ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ከሳሲ ቤት ጽሕፈት ነጻ ዞባ ምጽዋዕ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሂግን ኢሳቕ ገብረማርያም፡ ናይ ገዛ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጢ።

ዓሊ መሓመድኑር እድሪስ፡ ተጸዋዒ ኣብርሃለ ተኽለ ተስፋሚካኤል፡ ናይ ምስራዝ ሕቶ ብወከል ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ደሃብ ኣስመላሽ ገብረሄወት፡ ኣዴና መብራት ተጠምቀ ኮኾብ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ከሳሲ ኣቶ ክፍለማርያም ገብራይ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ናጽነት ገብራት ዘርእማርያም፡ ብዛል ቤትኪ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ ናዝሬት ብርሃ ንጉስ ምግል ተሪፉ፡ ኣፕሱ ብርሃ ንጉስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሪም ወልደዝጊ ባህታ፡ ብዓል ቤተይ መድሃኔ የውሃንስ ተኽለኣብ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ሓንቲ ጓልና ከኣ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ትእተ ዕድመ ቅሳት ሓውና የማ ምግል ተሪፉ፡ ቅሳት መሴ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ ገብርኤላ ጳውሎስ ብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ የናስ ክብርኣብ ትንሳኤው ስለ ዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፈሽን ስብሃቱ ኣውዓለም፡ ናይ ኣሞይ ነ/ሄራት/ ልኡል ኣውዓለም ንጉሱ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ዓውየም ማሓሪ ኣርኣያ ምግል ተሪፉ፡ ዓወት መሓሪ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ነፊሳ መሐመድ ኣሕመድ ምግል ተሪፉ፡ መርየም መሓመድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣመልካቲ ፍሰሃ ሞኮስ ካሕሳይ፡ ወከል ኣቶ ዑቕባይ ተስፋጊዮርጊስ፡ ኣብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ዓዲ ጎልጎል ብዕለት 19/05/2008 ዝተዋህበ ምርሒት ናይ ጤሳ መሬት ሰነድ ስለዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ እየ ዝብል እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07217262 ክሕብረኒ ኣሓትት። እንተዘይቀሪቡ ግን ናይ ዝጠፍኣኒ ሰነድ መተካእታ ከውጽእ ምዃነይ እሕብር።

ፍሰሃ ሞኮስ ካሕሳይ
ወከል ዑቕባይ ተስፋጊዮርጊስ

---

ካብ ሕጋውያን ወረስቲ ሓደ ዝኾንኩ ኣመልካቲ ኣቶ በረኸ ጋይም ወ/ጊዮርጊስ፡ ብስም ወለድና ነ/ሄር ተለንተ ጋይም ወ/ጊዮርጊስ ዘርእሰላሴን ነ/ሄራት ወ/ሮ በላይነሽ በየነ ብዮምሽን ኣባይቲ ግዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 119484 መወከሲ ቁጽሪ 112140 ዝኾነ ቀንዲ (ኦርጂናል) ሰነድ ክረኽቦ ስለዘይከኣልኩ፡ ምሳይ ኣሎ ዝብል ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣለኹ ዝብል እንተተረኺቡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብስልኪ ቁጽሪ 07144951 ወይ 07506007 ብምድዋል ክረኽበኒ ብትሕትና ኣመልክት። እንተዘይኮይኑ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ከውጽኢ ኩሉ ምዃነይ እሕብር።

በረኸ ጋይም ወ/ጊዮርጊስ
ወከል ኣለምሰገድ ቦኩረጽዮን

---

ኣባላት ምሉኣም ሓፈሻዊ ንግዲ ሓ.ዝ.ቢ.ማ ንማሕበርና ዝምልከት ብዕለት 18/10/2024 ዝወጸ ምልክታ ስለዘይተረኽበ፡ ንቀልኣይ ግዜ ንዕለት 20/11/24 ኣኼባ ክንጉበር ስለዝደለና፡ ክትርከቡ እናሓበርና፡ ኣብቲ ዕለት ብዘይተረኽቡ ኣባላት ውሳኔ ከሕልፍ ምዃንና ንሕብር።

ምሉኣም ሓፈሻዊ ንግዲ ሓ.ዝ.ቢ.ማ

---


## ምስጋና



ብመስዋእቲ ክቡር ወላዲና ሌ/ኮ ጸጋዮ ብርሃ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ጊዜ ሕማሙ ክሳብ ዕለተ መስዋእቲ ካብ ጎኒና ከይተፈለኹም ካብ ወጻኢን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ብዓልቲ ቤቱ ተጋ/ ሂወት ኪዳነ
ደቁ ተጋ/ ዳኒኤል ጸጋዮ፡ ተጋ/ ንግስቲ ጸጋዮ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብመስዋእቲ ክቡር ብዓል ቤተይ መምህር ደጀን ሙሉጌታ ሪታ ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ካብ ግዜ ሕማሙ ጀሚርኩም ክሳብ ግዜ ዕረፍቱ ዝሓገዝኩምናን ዝተሓበርኩምናን፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ጸጸራት ብምኻድ ብኽብሪ ዘቐበርኩምናን ኣብ ሓዘንና ድማ ብኣካልን ናብ ገዛና እናተመላለስኩምን ብቴሌፎን ካብ ወጻኢ ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጻእና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣብያት ኪዳነ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብድንገታዊ ሞት ኣዚና ፍቕሮ ወድና ሄኖስ ተስፎም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ገዛና ዝወዓለ መልቀስ ምሳና ብምውዓልን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጢን ካብ ደገን ስልኪ ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጻእና ንሕብር።

ስድራቤት ሃሊቃ ገብረጊዮርጊስ ተስፋሚካኤል
ምስ ስድራቤት መም/ ባሲለዮስ ገብረማርያም

---

ሳረቦ ሓ.ዝ.ቢ.ማ ኣኼባ ማሕበር ክጉበር ስለ ዝደለዩ፡ ኩሎም ኣባላት ማሕበር ንዕለት 12/11/24 ሰዓት 9:00 ቅ//ቀትሪ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ማሕበር ክርከቡ ይጽውዑ።

ሳረቦ ሓ.ዝ.ቢ.ማ

---

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ትሕቲኡ ንዘመሓደሮ ሰለስተ 03 ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ (ጠዮ፡ ኣፋምቦ፡ ዓሰብ) ኣስቤዛ ከም (ሽኮር፡ ድንሽ፡ ቀመም ዘለዎ በርበረ፡ ጨው፡ ሲጋ) ካብ ወርሒ 01/2025 ክሳብ 05/2025 ከምኡ'ውን ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ካብ ወርሒ 10/2025 ክሳብ 12/2025 ከቕርቡ ዝኽእሉ ተሞረትቲ ይዕድም።

1. ናይ መወዳእታ ናይ ዝተሓደሰ ሊቸንሳ ወይ ንግዲ ፍቓድ ምስ ግብሪ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ናይ 2023
2. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ኤርትራ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጸባሒቱ ተሞረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኸፈት።
3. መኽበሪ ጨረታ 100,000.00 ናቕፋ ዝተረጋገጸ ቸክ ወይ CPO ምስ ሰነድ ጨረታ ይተሓዘ።
4. ሰነዳት ጨረታ ኣብ ክፍሊ ፐርሶናል ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ቁጽሪ 01 እናመጹ ምውሳድ ይኽእሉ።
5. ኣብ ኣስመራ ንዝርከቡ ተሞረትቲ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ካብ ዘሎ ወከል ጨንፈርና ክትወስዱ ትኽእሉ።
6. ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጽሪ ቴሌፎን 661110 ወይ 660342 ክትውከሱ ትኽእሉ።
7. ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝሓሸ ኣማራጺ ምስ ዝረክብ ወይ ሓዲሽ መምርሒ ምስ ዝመጽእ በዚ ጨረታ ኣይግደድን እዩ።



# ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ

ብፍላይ ድማ ን6ይ ክፍሊ

ALPHA PROBLEM SOLVER FOR GRADE 6

ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ኩሉ ዓይነታት ትምህርቲ ናይ 6ይ ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ልዕሊ 850 ሕቶታት ምስ ምሉእ ኣሰራርሓን መግለጽን
- ልዕሊ 2200 መለማመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ
- ልዕሊ 500 ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመስሉ ሕቶታት ምስ መልስታቱ




ቴሌ. 07151337 ወይ 07282165

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት ሞለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

**Welder and Fabricate**
**Number required – (03)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

• The person should be able to read or work with measurements tape.
• The welder must be able to repair and maintain the crusher plant in standard way
• The welder must be able to use plasma air cutting.
• The welder must be able to know how to use Oxy-Acetylene cutting.
• The welder must be able to weld with E7018 electrode and know how to use welding helmet.
• He/she should know how to repair and modify Excavator bucket.
• Daily crusher inspection to identify all welding jobs and report it to the supervisor for proper action to be take.
• The welder should know how to do daily inspection on Wheel Loads and Excavators at the Rom pad and Pit.
• The welder must be able to carry out a proper housekeeping before and after work.
• The welder must know how to weld components in flat, vertical, and overhead positions.
• The welder must know how to do pre-heating and post-heating.
• He/she should know how to do Arc Air Gouging or the process of doing arc-air gouging.
• The weld should be able to work at Multicultural environment.

**Profile: Qualifications and Experience**

**Formal Education, Certifications or Equivalents**

• Certificate In Basic Education

**Working Experience – Nature & Length**

• Five (5) years working Experience as a welder and fabricate in Mining or Local work

**Technical Skills**

• The welder should be able to carry out a proper housekeeping before and after work

**Behavioral Skills**

• The welder should be safety abiding person
• The welder should be able to work at multicultural environments

**General Information and other requirements:**

| | |
|---|---|
| * Place of Work: | AMSC Sites |
| * Type of contract: | Indefinite Period |
| * Salary: | As per the Company salary scale |

**Additional requirements for Nationals:**

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

* Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
* Applicants shall be required to send a copy to:
Mineral Resources Management
P.O. Box – 272
* Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

**General Information and other requirements:**

| | |
|---|---|
| * Place of Work: | Asmara Office & AMSC Sites |
| * Type of contract: | Indefinite Period |
| * Salary: | As per the Company salary scale |

**Additional requirements for Nationals:**

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

* Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
* Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

---

ብስም ሰመረ ደባስ ሚካኤል ዝተመዝገበ፡ ቊዋኒን ASL00035158 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ማትኣ ቊ.ገዛ 43 ዝርከብ ናይ መሸጣ ኮስሞቲክስን ክዳውንትን ምኽራይ ሽሉን ትካልዩ ንወ/ሮ ኣድያም ተኸለዝጊ ዑቕባልደት ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ትራቨሎ ጎደና ደንደን ላዕሊ 189-1ቊ.ገዛ 6 ካብ ዕለት 18/10/2024 ክሳብ ዕለት 17/10/2026 ኣካርዩዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ሰመረ ደባስ ሚካኤል

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን DER00001657 ናይ ታክሲ ትካል ብስም ተኽለማርያም ጸጋይ ገብረማርያም ዝተመዝገበ ናይ ህዝቢ መማላለሲት ታክሲ ሰቁጽሪ ER 2-01575 ስለዝዓደኽዎ፡ እቲ ንግዲ ፍቓድ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ፡፡

ኣቶ ተወልደ ተኽለ ተድላ

---

ብስም ሓሰና ነጋሽ ዓብዱልቃድር፡ ኣብ ን/ዞባ ገዙጥንዳ ጎደና ኣፍሉቕ ዚፕ 1A191 ፕሎት 83 ፓርሰል D,C ብቁጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM019220 ስፍሓት 1250 ት/ሜ ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፡ ካብዚ ዝተጠቕሰ ስፍሓት ከባቢ 68.72 ት/ሜ ክልተ ክፍልን ክልተ ዓይኒ-ምድርን ዝሓዘ ስለ ዝሸጥኩ'ሞ ናብ ስም ዓደግቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪብ ጉዳየይ ክፍጸም ምኳነይ እሕብር፡፡

ሓሰና ነጋሽ

---

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ

ከሳሲት ብዓልቲ ቤትካ ፋጥማ መሓመድ ዑመር፡ ተኸሳሲ ዘይቱ ኢብራሂም መ/ሹም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተማሲራቶልካ ስለ ዘሎ፡ ን3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብርኽቲ ሓይለኣብ ዓንደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃም እልፉይ ዑቕባሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደቀምሓረ፡ ቅድድም ብሽክለታ ፈሊሙ

ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ናይ ጉብላል ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ከምዝፈለመ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ኣረዲኡ።

በዚ መሰረት፡ 70 ከሎሜተር ኣብ ዝሸፈኑ 15 ተቐዳደምቲ ዳ ኮርሱ ኣቤል ፍትዊ ንናትናኤል ተኸመን ተመስገን ነጋን ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኣትዩ።

30 ተቐዳደምቲ ቀዳማይ ዲቪዥን ማውንቴን ባይክ 40 ከሎሜተር ክሸፍኑ እንከለው፡ ማእከለ ተኸለ፡ ኤርምያስ ክፍለዝጊን ሰረቐ ፍስሃየን ተመራሪሖም ኣትዮም። ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ከኣ ሱራፍኤል ሰመረ ቀዳማይ ክኣቱ እንከሎ፡ ሓበን ሃብቱን ሃኖም ሙልጌታን ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ኣትዮም። እዞም ዲቪዥን 30 ከሎሜተር እዮም ሸፊኖም።

ኣብቶም 20 ከሎሜተር ዝሸፈኑ ሳልሳይ ዲቪዥን ከኣ መንከም ኣሮን ሴም ክፍሎምን ክሩቤል ጺጋይን ተዓዊቶም። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣድያም ተስፉን ዘቢብ



ሚካኤልን በይነን ውድድረን ዛዚመን።

ህጻናት'ውን ኣካል እዚ ውድድር ኮይኖም፡ ኣብ ምድብ 'ሀ' የሴፍ መንግስትኣብ፡ መርሃዊ መሓሪን ኤሊም ደርግኣለምን፡ ኣብ ምድብ 'ለ' ሄኖስ ሓለፎም፡ ኖህ ተኪኤን መንከም ሬዘነን ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ሒዞም።

እዚ ውድድር፡ ንሓሙሽተ ሰናብቲ ዝቕጽል ኮይኑ፡ ኣብ ቀጻሊ ውድድራት ክስርዓሎም ተቐዳደምቲ ተማሕጺኖም። ኣብዚ ንኡስ ዞባ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ናይ ሻምፕዮን ውድድር ከምዝተኻየደ ይዝከር።

## ኦደጋርድ፡ ናብ ልምምድ ተመሊሱ

ሰሪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ንኽልተ ኣዋርሕ ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ዝጸንሐ ሓለቓ ጋንታ ኣርሰናል ማርቲን ኦደጋርድ፡ ትማሊ ሰሉስ ምሉእ ልምምድ ከምዝገበረ፡ ጋንታኡ ኣፍሊጣ።

ኦደጋርድ፡ ኣብ ወርሒ መስከረም ኣብ ጸወታ ኔሽንስ ሊግ ኣንጻር ኦስትሪያ እናተጻወተ፡ ናይ ዓንኬር ዓንካሪቶ መጉዳእቲ ከምዘጋጠሞ ይዝከር። ንዝሓለፉ ኣዋርሕ ድማ ኣብ ኩሉ ውድድር ካብ 12 ግጥማት ክበኩር ተቐሲቡ።



ኣርሰናል፡ ሎሚ ረቡዕ ናብ ኢጣልያ ተጓዒዛ ምስ ኢንተር ሚላን ኣብ እትካየዶ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ ግና፡ ምስ ደቂ ጋንታኡ ተጸምቢሩ ኣሎ። ምምላስ ኦደጋርድ፡ ነዛ ዝሓለፈ ቀዳም ብኒውካስል 1-ብ0 ዝተሳዕረት ክለቡ፡ ዓቢ እፎይታ እዩ።

እዚ ወዲ 25 ዓመት ንፉዕ ኣከፋፋሊ፡ ዕድላት ኣብ ምፍጣርን ልዑል ተራ ከምዝጻወት ይፍለጥ። ኣርሰናል፡ ኣብ ገለ ግጥማት ብፍላይ ብኒውካስል ኣብ ዝተረትዐትሉ ጸወታ፡ ግዜን ቦታን ርእዩ ዕድላት ዝህንድሰሉ ተጻዋታይ ስኢና ምውዓላ ይዝከር። ምምላስ እዚ ተጻዋታይ፡ እሞ ኸኣ ብቐልጡፍ ናብቲ ዝነበሮ ብቕዓት እንተተመሊሱ፡ ስኢናቶ ዝወርሐት ኣብርኽቶ ክትረኽቦ ብምኳና፡ ዓቢ ሓገዝ ክኾና እዩ።

እዚ እናኾነ ግና፡ ወሳኒ ተጻዋታያ ደክላን ራይስ፡ ትማሊ ንጹር ብዘይኮነ ምኽንያት ካብ ልምምድ ብምብኳሩ፡ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ከይከውን ተሰጊኦም ነይሮም። ድሕሪ ግና፡ ዓሳሚ ሚከል ኣርቴታ፡ እዚ እንግሊዛዊ ኣብ ኣካላዊ ብቕዓቱ ዝኾነ ዘጠራጥር ከምዘየለ ብምሕባሩ፡ ሎሚ ክሰለፍ ትጽቢት ይግበር።

## "ግጥማት ላ ሊጋ ስጳኛ ክቋረጹ ኣለዎም" ካርሎ ኣንቸሎቲ

<u>ኣማር ዓሊ</u>

ኣሰልጣኒ ሪያል ማድሪድ ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ እስጳኛ ዞባ ቫለንሺያ ኣጋጢሙ ዘሎ ዕልቕልቕ፡ ጸወታታት ላ'ሊጋ ክቋረጹ ከምዘለዎም ገሊጹ።



ኣንቸሎቲ፡ "ከስዕሶ እግሪ እስጳኛ ናይዚ ቀዳመ ሰሙን ክቋረጽ ኣለዎ። ኩዕሶ እግሪ ደስታ እዩ። ክትጸምብሎ ትኽእል ድማ ነገራት ጸቡቕ ምስ ዝኾኑ እዩ። ከምኡ እንተዘይኮይኑ ግና፡ ትጸምብሎሉ ሰዓት ኣይኮነን። እቲ ትራጀዲ ካብ ዘጋጥም ሰሙን ሓሊፉ ኣሎ። ከም ጋንታ በቲ ዘጋጠመ ኩነታት ኣዚና ኢና ሓዚንና። ብሕልና'ውን ኣብ ጎድኒ'ቶም ግዳያት ኢና። ብዛዕባ ኩዕሶ እግሪ ክንዛረብ ኣይንደልን። ምስቲ ኣብ ቫለንሺያ ኣጋጢሙ ዘሎ ብምንጽጻር ኣገዳሲ ኣይኮነን። ኩዕሶ እግሪ ሞያና እዩ። ስራሕና ድማ ክንቕጽል ኢና። ዝተረፈ ኩሉ ነገራት ግና ካልኣዊ እዩ።" ኢሉ። ሰሪዚ ዕልቕልቕ፡ ሪያል ማድሪድ ቀዳም ምስ ቫለንሺያ ክተካይዶ ዝነበራ ናይ ሊግ ግጥም ናብ ካልእ እዋን ምስጋሩ ይዝከር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እቲ ኣብ ዞባ ቫለንሺያ ዝጀመረ ዕልቕልቕ ናብ ዞባ ካታሎኒያ በጺሑ ከምዝሎ ኣብ ዝሃለጸሉ ዘሎ እዋን፡ ኣጥቃዓይ ባርሴሎና ሮበርት ለዋንዶውስኪ ማኪናኡ ዝዕሸገሉ ጋራጅ ብማይ ከምዝዕለቕለቐ ስእሊ ኣሰኒዩ ኣብ ናይ ኢንስታግራም ሕሳቡ ጠቒዑ። ወላ'ኳ ዓቕን ናይቲ ናብ ከተማ ባርሴሎና ኣሰፋሕፊሑ ዝርከብ ዕልቕልቕ ምስቲ ናይ ቫለንሺያ ዝዳረግ እንተዘይኮነ፡ ንመደባት ናይታ ኣብ'ቲ ዞባ ዝዓበየት ጋንታ ዝኾነት ባርሴሎና ግና ኣሰናኺልዎ እዩ። ባርሴሎና፡ ብሰሉይ ኣብ ሜዳኣ ክተካይዶ ዝነበራ ልምምድ ሰሪዛ ተጻዊትቲ ግዜኦም ኣብ ጂምናዝዮም ከምዝሕልፍዎ እያ ገይራ። ኮኾብ ኣመዛጊኒ ሹቶ መድረኽ ላ'ሊጋ ለዋንዶውስኪ ከኣ ካብ ልምምድ ናብ ቤቱ ኣብ ዝተመልሰሉ እዩ ማኪናኡ ዝዕሸገሉ ጋራጅ ብማይ መሊኡ ጸኒሕዎ።

## ኤዱ፡ ምስ ኣርሰናል ተፈላልዩ

ኣብ 2019 ናብ ኣርሰናል ካብ ዝመጸእ ንደሓር፡ መሰረታዊ ለውጥታት ክገብር ጸኒሑ። ኣብ ግዜኡ ኣርሰናል ብዘይተለመደ መንገዲታት ቀይዲ ወጻኢታታ ጥሒሳ ብልዑል ማጠን ገንዘብ ብሉጻት ተጻወትቲ ናብ መሳርዓ ክትጸንብር ክኢላ። ነዛ ጋንታ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ከም ዳይረክተር ስፖርት ኮይኑ ዘገልገለ ኤዱ፡ 867 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ብምግባር 38 ተጻወትቲ ከተፍርም መሪሑ ተራ ነይሩዎ። ደገፍቲ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሚከል ኣርቴታ ዝወጠኖ ፕሮጀክት እምነት ክሕድሩ ብዝተጻወቶ ግደ'ውን የማናይ ኢድ ናይ'ቲ ዓሳሚ ክበሃል ክኢሉ። ድምር ናይዚ ኹሉ ድማ፡ ኣርሰናል፡ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ክንዮ ተሳታፊት ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ናብ ተወዳዳሪት ዋንጫ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ክትምለስ ካብ ዘኽኣልዋ ረቛሒታት ሓደ፡ ዕዙዙ ስራሕ ናይዚ ዳይረክተር እዩ።

ይኹን እምበር፡ ናይ ነዊሕ ዓመታት ጻዕሩ ብዋንጫ ከይሰነዮን ፍረ ከይረኣየሉን ምስዛ ጋንታ ኣብ ምፍልላይ ደርኪቡ ዳይረክተር ስፖርት ኣርሰናል ኤዱ ካስፐር።

ኤዱ፡ ኣብዛ ጋንታ ኣብ ክረምቲ 2019 እዩ ከም ቴክኒካል ዳይረክተር ኮይኑ ክሰርሕ ተቖጺሩ። ኣብ ወርሒ ሕዳር 2022 ድማ፡ ናብቲ ልዑል ኣድናቖትን ክብረን ዝረኸበሉ መዝነት ዳይረክተር ስፖርት ተሰጊሩ ክሰርሕ ጸኒሑ።

ኤዱ፡ ብቕድሚ ትማሊ ሰሉይ ካብ መዝነቱ ከምዝወረደ ብወግዒ ድሕሪ ምፍላጡ፡ ኣርሰናል ሕቶኡ ተቐቢላ ከምዝተፋነወ ኣፍሊጣ ኣላ። "ንኽተትግብሮ ኣዝዩ ከቢድ ዝነበረ ውሳነ እዩ። ሕጂ ካልእ ብድሆ ዝመርጸሉ ግዜ ኣኺሉ ኣሎ። ኣርሰናል ወትሩ ኣብ ልበይ ክትህሉ እያ። ነታ ጋንታን ደገፍታን ጸቡቕ ዕድል ይምነየሎም።" ኢሉ። ተጻወትቲ ኣርሰናል፡ ሰሉይ ንግህ ንምውጻእ ኤዱ ዝሕብር ዜና ድሕሪ ምቕባሎም፡ ብውሳኔኡ ከምዝሰንደቡ እዩ ዝገለጽ።




ኣርሰናል፡ ኣብ ዓመተ ስፖርት 2003/04 ከይተሳዕረት ወርቃዊት ጽዋእ ፕሪመር ሊግ ኣብ ዘልዓለትሉ ዓመት ኣባል ዝነበረ ኤዱ፡ ሚከል ኣርቴታ ኣብ ታሕሳስ 2019፡ ካብ'ቲ ኣብ ማንቸስተር ሲቲ ዝነበሮ ናይ ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ስራሕ፡ ቀዋሚ ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ክኸውን ናብ ኣርሰናል ኣብ ምምጻኡ ልዑል ግደ ተጻዊቱ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ከም ሓለቓ እዛ ጋንታ ማርቲን ኦዴጋርድ፡ በን ዋይት፡ ጋብሪኤል ማግዛላሽ፡ ጋብሪኤል ጀሱስ፡ ዊልያም ሳሊባ፡ ዴክላን ራይስ፡ ቶማስ ፓርተይን ዴቪድ ራያን ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ፡ ኣብ ግዜ መሪሕነቱ ዝመጽኡ'ሞ ዓንዲ ሕቖ እዛ ጋንታ ክኾኑ ዝበቕዑ ተጻወትቲ እዮም።

ብቑዳም ብኒውካስል ዝተሳዕረት ኣርሰናል፡ ካብቶም ፈለማ ዘሰለፈቶም 11 ተጻወትቲ፡ ብዘይካ ፍርያት ኣካዳሚኣ ዝኾነ ቡካዮ ሳካ፡ ዝተረፉ ዓሰርተ ብኤዱ ዝፈረሙ እዮም። ኤዱ፡ ካብ ኣርሰናል ምውጽኡ ድሕሪ ምግላጹ፡ ድሕሪ ዝተወሰነ ሰዓታት ስሙ ምስ ወናኒ ኖቲንግሃም ፎረስት ግሪኻዊ ብዓል ጸጋ ኢቫንጌሎስ ማሪናኪስ ተተሓሒዙ ክለዓል ተሰሚዑ። ብመሰረት ማዕከናት ዜና እንግሊዝ፡ ማሪናኪስ፡ ንኤዱ ኣብ ኣርሰናል ዝኸፈሎ ዝነበረ መሃያ ብሰለስተ ዕጽፊ የዕብዩ፡ ኣብተን ኣብ ትሕቲ ዋንነቱ ዝመሓደራ ሰለስተ ጋንታታት ማለት ኖቲንግሃም ፎረስት፡ ሪዮ ኣቬን ኦሎምፒያኮስን፡ ከም ፈጻሚ ስራሕ ክቖጽሮ ኣብ ስምምዕ በጺሑ ኣሎ። ኤዱ ብውልቃዊ ጉዳያት ኣብ ብራዚልድ ድሕሪ ምውርሑ፡ ዝሓለፈ ቅንያት'ዩ ናብ ለንደን ተመሊሱ።

ኤዱ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብቲ ኣብ ዱባይ ዝዕደል 'ሽልማት ጎልደን ቦይ ኣዋርድ' ዝበለጸ ዳይረክተር ኤውሮጳ ዝብል ኣፍልጦ ከምዝረኸበ ይግለጽ።

## ፈርናንደዝ፡ ብምስጓግ ተንሃግ ከምዝተቘጥዐ ተኣሚኑ
## ገዮክርስ፡ ናብ ማን ዩናይትድ . . .

ሓለቓ ጋንታ ማንቸስተር ዩናይትድ ብሩኖ ፈርናንደዝ ናይ ቅድም ዓሳሚኡ ኤሪክ ተን ሃግ ካብ ስርሑ ብምብራሩ ከምዝጒሃየ ገሊጹ። "ኣሰልጣኒኻ ስርሑ ክስእን ክትዕዘብ እንከለኻ



ንኡበሽኻ ክትወቅስ ኣሎካ። ምኽንያቱ እታ ጋንታ ጸቡቕ ውጽኢት ስለዘየመዝገበት እዩ እቲ ምብራር ኣጋጢሙ። 15 ተጻወትቲ ካብ ምስጓግ ኣሰልጣኒ ከተባርር እዩ ዝቐልል" ዝበለ ፈርናንደዝ "ኣነ ዘለኒ ዓቕሚ'የ ዘበርክት ነይረ። ተግሂግውን ይፈልጥ እዩ። ምስኡ ተዘራሪብና ብዛዕባ ኹሉ ይቕረታ ሓቲተዮን እየ። ንሱ ብምስንባቱ ኣዝዩ እየ ተቐጢዐ ክሕግዞ ድማ ፈቲነ እየ። ኣነ ይኹን ደቂ ጋንታይ ሹቶ ነመዝገብ ኣይኸኣልናን። በዚ ድማ ተሓታትትቲ ይሰምዓና።" ኢሉ።

ድሕሪ ምብራር ተን ሃግ፡ ፈርናንደዝ ኣብ ግጥም ኣንጻር ቸልሲ ናይ ፈለማ ሹቶ ፕሪመር ሊግ ናይዚ ዓመት ኣብ ልዕሊ ቸልሲ ከምዘመዝገበ ይዝከር። ዩናይትድ፡ ብዝተመዘገበ ኣብ ትሕቲ ጸግል ሩድ ቫን ኒስተርሎይ ካብ እትእለ ንደሓር፡ ኣብ ዘካየደቶም ክልተ ግጥማት ፈርናንደዝ ሰለስተ ሹቶታት ኣመዝጊቡ ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፖርቱጋላዊ ኣሰልጣኒ ስፖርቲን ሊዝበን ሩበን ኣሞሪም፡ ካብ 11 ሕዳር ጀሚሩ መዝነት ምዕላም ማንቸስተር ዩናይትድ ድሕሪ ምሓዙ፡ ኣብ ስፖርቲን ጸቡቕ ናይ ጸወታ ግዜ ከሕልፍ ንዝሓገዞ ሽወደናዊ ኣጥቃዓይ ቪክቶር ገዮክርስ ናብዛ እንግሊዛዊት ክለብ ክጽውዖ ከምዝኽእል ተገሊጹ።

ገዮክርስ ኣብቲ ጉዳይ ኣመልኪቱ ብጋዜጠኛታት ንዝቐረበሉ ሕቶ፡ ብሕቶ ኣሰኺዑ እዩ መሊሱ። "ምስ ኣሞሪም ናብ ማንቸስተር ዩናይትድ ክጽንበር ዲየ ዝፈልጦ ነገር የብለይን። ኣብዚ ኣለኹ፡ ከምዚ ትርእይዎ ድማ ምህላወይ የስተማቕሮ ኣለኹ። ብዙሕ ዝሓስበሉ ጉዳይ ኣይኮነን። ኣሞሪም ይፍለየና ብምህላዉ ግና ኣኣዝዩ እየ ሓዚነ፡ ኩሉ ጸቡቕ ነገር እየ ዝምነየሉ።" ኢሉ።

ኣቐዲሙ ኣሞሪም፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝኽፈት መስኮት ምስግጋር ተጻወትቲ፡ ካብ ስፖርቲን ናብ ማንቸስተር ዩናይትድ ተጻወትቲ ከየዕዝ መደብ ከምዘይብሉን ጉዳይ ገዮክርስን እውን መልቀቒ ዋጋኡ 100 ሚልዮን ዩሮ ዝበጽሐ ብምዃኑ፡ እቲ መስርሕ ተፈጻሚ ክኸውን ኣዝዩ ቡዱኒ ምዃኑ ምግላጹ ዝፍለጥ እዩ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ሻምፕዮንስ ሊግ

ክለብ ብሩጅ - ኣስቶን ቪላ 8፡45 ምሸት

ሻክታር ዶኔስክ - ያንግ ቦይስ 8፡45 ምሸት

ባየር ሙኒክ - በንፊካ 11፡00 ምሸት

ፈይኑርድ - ኣርቢ ሳልዝበርግ 11፡00 ምሸት

ኢንተር ሚላን - ኣርሰናል 11፡00 ምሸት

ፒኤስጂ - ኣትሌቲኮ ማድሪድ 11፡00 ምሸት

ረድ ስታር በልግራድ - ባርሴሎና 11፡00 ምሸት

ስፓርታ ፕራጋ - ብረስት 11፡00 ምሸት

ሽቱትጋርት - ኣታላንታ 11፡00 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ሰራዊት እስራኤል፡ ንላዕለዋይ ሓላፊ ሕዝቦላህ ከምዝሓዘ ሓቢሩ



ሰራዊት እስራኤል፡ ንሓደ ላዕለዋይ ሓላፊ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ ምሓዙ ዝገለጸ ሊባኖሳዊ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝእተዎ ገሊጹ፡፡

እቲ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ደቡባዊ ክፋል ከተማ በይሩት ዝተታሕዘ ኢማድ ኣምሃዝ ዝተባህለ ሊባኖሳዊ፡ ብዕጡቓት ኣባላት ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል እናተወሰደ ዘርኢ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ብማዕከናት ዜና ከምዝተዘርግሐ እዩ ተሓቢሩ፡፡

እቲ ሊባኖሳዊ፡ ካብቶም ቀንዲ ኣካየድቲ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህዩ ዝበለ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ብዝወሃቦ፡ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ኣድላዪ ዝበሎ መርመራታት ንምኽያድ ናብ እስራኤል ከምዝኾዓዘ እዩ ዝሕብር ዘሎ፡፡

እቲ ሊባኖሳዊ ሰራሕተኛ ሓይሊ ባሕሪ'ታ ሃገር ምንባሩ'ዩ መንግስቲ ሊባኖስ ገሊጹ፡፡ ሕዝቦላህ ግን ዛጊት ዝኾነ መግለጺ ኣይሃበን ዘሎ፡፡

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ እስራኤል፡ ኣብ ሊባኖስ ብእተካይዶ ዘላ ናይ ኣየርን ኢጋርን መጥቃዕትታት ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪ ልዕሊ 3000 ከምዝበጽሐ ይግለጽ ኣሎ፡፡

መንግስቲ ሊባኖስ፡ ብእስራኤል ዝካየድ ዘሎ ግህሰት ብቢይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክኹነን ጸውዒት የቕርብ ምህላዉ ይፍለጥ፡፡

ብዘውሃቦ፡ በቲ መጥቃዕቲ ካልኦት፡ ኣስታት 13,492 ሰባት ክቑስሉ እንከለው፡ ልዕሊ 1.2 ሚልዮን ሊባኖሳውያን ድማ ካብ ኣባይቶም ተመዛቢሎም ኣለው፡፡

ብሰንኪ'ቲ ኣብታ ሃገር ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ፡ መዓልታዊ ኣሽሓት ሰባት ናብ ዓራቕን ሶርያን ይስደዱ ምህላዎም ጸብጻባት የመልክቱ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ማስከረም፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሕዝቦላህን ግጭት ካብ ዝጅምር ንደሓር ጥራይ፡ 472 ሽሕ ናብ ሶርያ ክሃድሙ ከለዉ፡ ኣስታት 28 ሽሕ ድማ ናብ ዓራቕ ተሰዲዶም ኣለዉ - ብመሰረት ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡፡

## ሶርያ፡ እስራኤል ኣብ ከተማ ደማስቆ ንዘካየደቶ መጥቃዕቲ ኮኒና

መንግስቲ ሶርያ፡ እስራኤል ኣብ ከተማ ደማስቆ፡ ኣብ ልዕሊ መንበሪ ኣባይቲ ዝካየደቶ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ ብትሪ ኮኒኑ፡፡

ትማሊ ሰሉስ ኳርቲ ውግእ እስራኤል፡ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ከተማ ደማስቆ፡ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ናይ ኣየር መጥቃዕትታት ድሕሪ ምኽያደን፡ ኣብቲ ከባቢ ክልተ ሰላማውያን ሰባት ክሞቱ፡ ካልኦት ቁጽሮም ብዘይተገልጸ ሰባት ድማ ከምዝቖሰሉን እዩ መንግስቲ ሶርያ ሓቢሩ፡፡



ብዘውሃቦ በቲ መጥቃዕቲ ኣብ ንብረት ከቢድ ክሳራታት ከምዝወረደ ዝጠቐሰ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሶርያ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ቅልጡፍ ስጉምቲ ክወስድ ጸዊዑ፡፡

እንተኾነ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን መጥቃዕቲ ከምዘይፈጸመን ሓይሊ ኣየር ሃገሩ፡ ኣብ ሶርያ ንዘርከቡ ዒላማታት ሕዝቦላህ ከምዝወቕዐን'ዩ ገሊጹ፡፡

ብመሰረት ጸብጻባት፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሶርያ፡ ንዓሰርተታት ዓመታት፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ናይ ኣየር መጥቃዕትታት ከተካይድ እኳ እንተጸንሐት፡ ዛጊት ግን ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊኣ ዝቐረበ ክሲ የለን፡፡

## ኢንዶነዥያ - እሳተ-ጎመራ ሰብኣዊን ንዋታዊን ክሳራታት የውርድ

ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ኢንዶነዥያ ዝርከብ እሳተ-ጎመራ 'ኮለዋቢ' ዝሓለፈ ሰኑይ ክቱግ ድሕሪ ምጅማሩ፡ ኣብቲ ከባቢ ብውሑዱ 10 ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ልዕሊ 16 ሽሕ ሰባት ድማ ካብ ኣባይቶም ክግዕዙ ከምእተኣዘዙ ተገሊጹ፡፡

ካብቲ ዝቱግ ዘሎ እሳተ-ጎመራ ብዝተተፍኤ ምጓኽ ኣኻውሕን ርሱን ሓሙኽሽትን ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ቁጽሮም ዘይተገልጹ መንበሪ ኣባይቲ ከምዝዓነወ እዩ ዝሕብር ዘሎ፡፡

በቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ኢንዶነዥያ ዝርከብ 7 ዓድታት ብኣሉታ ከምዝተጸልዋ ዝጠቐሰ መንግስቲ ኢንዶነዥያ፡ ኣብዘን ከበቢታት ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ኣዊጁ፡፡

እቲ ብርቱዕ ትኪን ሓሙኽሽትን ኣብ ሰብ ከውርዶ ዝኽእል ጉድኣት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሰበ-ስልጣን ምክትታል ባህርያዊ ሓደጋታት ኢንዶነዥያ፡ ሰባት ብዝተኻእለ መጠን ካብቲ ዝቱግ ዘሎ እሳተ-ጎመራ፡ ብውሑዱ 7 ኪ.ሜ ክርሕቑ'ውን ተማሕጺኖም ኣለው፡፡

ብዘይካዚ፡ እቲ ዝተኸሰተ እሳተ-ጎመራ ኣብ ገምገም ባሕሪ ሱናሚ ክፍጠር ዝኽእል ሓደጋታት ጥንቃቐታት ክገብሩ'ዩ ዝሕብር ዘሎ፡፡

'ኮለዋቢ' ኣብ ደሴት ፍሎሪስ ናይ ኢንዶነዥያ ዝርከብ ዝነውሐ ጎቦ ኮይኑ፡ ካብ ጽፍሒ ባሕሪ ኣስታት 1700 ሜትሮ ብራኸ ኣለዎ፡፡

ኣስታት 270 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ኢንዶነዥያ ብሰንኪ ዘለዋ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ፡ ሓንቲ ካብተን ቀዳሞት እሳተ-ጎመራ ዘኸትል ሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝተቓልዓ ሃገራት ምዃና ጸብጻባት የመልክቱ፡፡



## ቻይናውያን ጠፈርተኛታት ተልእኾኦም ብዓወት ዛዚሞም

ቅድሚ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ናብ ህዋ ዝተላእኩ፡ ሰለስተ ቻይናውያን ጠፈርተኛታት፡ ተልእኾኦም ብዓወት ዛዚሞም ከምእተመልሱ፡ ኣገልግሎት ዜና ቻይና፡ 'ሺንህዋ' ሓቢሩ፡፡

እቶም 192 መዓልታት ኣብ ህዋ ዝጸንሑ ጠፈርተኛታት፡ ንመጽናዕቲ ዝሕግዝ 34.6 ኪ.ግ ዝምዝን ቅምሶታት ሒዞም ከምእተመልሱ እዩ ዝግለጽ ዘሎ፡፡

እቲ ቅምሶ፡ ኣብ ጠፈራዊ ኸላጋስ ንዝካየድ መጽናዕትታት ዓቢ ኣበርክቶ ክህልዎ ከምዝኽእል እዮም፡ ክኢላታት ዝሕብሩ ዘለው፡፡

እቶም ጠፈርተኛታት ብዘውሃቦ፡ ኣብ ዓውዲ ፊዚክስ፡ ስነ-ፍልጠታዊ ኣካብራ ህይወታውያን ኣብ ህዋ፡ መድሃኒታትን ካልኦት ዘመናውያን ቴክኖሎጂን መጽናዕትታት ከምዘካየዱ ይግለጽ ኣሎ፡፡

ኣብ ጠፈራዊ ተልእኾ ጽቡቕ ኸላጋስ ተመዝጊቡ ዘላ ቻይና፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት'ውን 'ሸንዙ-20'ን 'ሸንዙ-21'ን ዝተሰምየ ክልተ ተልእኾታት ጠፈር ከምእተሰላስል እዩ ዝሕብር ዘሎ፡፡



## ኢራንን ኣዘርባጃንን፡ ሓባራዊ ልምምድ ሓይሊ ባሕሪ የካይዳ

ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኢራንን ኣዘርባጃንን፡ ንኽልተ መዓልታት ዝቕጽል ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ሓይሊ ባሕሪ ከካይዳ ከምዝጀመራ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣቃሊሐን፡፡

ሓይሊ ባሕሪ ኢራንን ኣዘርባጃንን ኣብ ድሕነት ምጥሓል ጃልባ፡ መጥፋእቲ ሓዊ፡ ድሕነት መራኽብ ድማ ብሓፈሻ፡ ሓባራዊ ልምምድ የካይዳ ከምዘለዉ እዩ ዝሕብር ዘሎ፡፡

እዚ ኣብ ባሕሪ ካስፒያን-ኢራን ዝካየድ ዘሎ፡ ኣዘረክስ-2024 ዝተሰምየ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ኣብ ወተሃደራዊ ምትሕብባር ክልቲአን ሃገራት ዓቢ ተራ ከምዝህልዎ እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝሕብሩ ዘለው፡፡

ኣብቲ ሓባራዊ ልምምድ፡ 2 ዓበይቲ መራኽብን ልዕሊ 100 ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኣዘርባጃን ይሳተፉ ከምዘለዉ እዩ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣዘርባጃን ሓቢሩ፡፡



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ዳሉል | 06/11/2024 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ | 125266 |
| | ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |